# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 25 ዓመት ቁ.167 | ቀዳም 12 መጋቢት 2016 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 3
...ንእንስሳን ሰብን ቀታሊ ዝኾነ ሕማም

ገጽ 4
"ብዙሕ ዝፍትን ሰብ ብዙሕ'ዩ....

ገጽ 5
"ፍርሒ ኣብ ግዜ ፈተና"





ገጽ 7
ማዕርነት ድርዒ ንነባሪ....





ገጽ 9
ሻምፕዮን ጉያ መሮር ኣፍሪቃ ሎሚ ክካየድ'ዩ


## ሽግ ናጽነት እምኒ-ሓየሊ. ኣትያ



ስዘርኣይ ብርሃ

ካብ ናቕፋ ካብ እትብገስ ወርሒን ሰለስተ ሰሙንን ገይራ ዘላ ሽግ ናጽነት፡ ብደምሒና ኣቢላ ብ22 ሰነቲት ናብ ዞባ ደቡብ ድሕሪ ምእታዋ፡ ኣብ ናይ ሳልሳይ ሰሙን ጉዕዛኣ - ካብ ሰገነይቲ ተበጊሳ ናይ ኣስታት 100 ኪሎሜተር ጉዕዞ ፈጺማ ትማሊ 11 መጋቢት እምኒ-ሓየሊ. ኣትያ።

ኣብ ዞባ ደቡብ ዛጊት ኣብ ዘሰላሰለቶ 277.8 ኪሎሜተር ዝሸፈነ ናይ ሰለስተ ቅነ ጉዕዞ፡ ንኣሳን ዞባታት ዓዲ-ቐይሕ፡ ሰንዓፈ፡ ጸሮና፡ ማይ-ዓይኒ፡ ሰገነይቲ፡ ደቀምሓረ፡ ድባሩዋን መንደፈራን ሓሊፉ እምኒ-ሓየሊ. ዝኣተወት ሽግ ናጽነት፡ ኣብ ዘዘለጸሓተን 50 ምምሕዳራት ከባቢን ዓድታትን 6 ከተማታትን 3 ሓወሲ. ከተማታትን ህዝቢ፡ ተመሃሮን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ምዕሩግ ኣቀባብላ ገይሮምላ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ. ኣባላት ምልክት ብዝከቡ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተሰሪዩ ናብ'ቲ መትኒ መራኸቢታት ዝበረን ሓያል ግጥማት ዝተኻየደሉን ጎቦ ኣቡሓሲ ዝደየበት ሽግ ናጽነት፡ ኣብ ዝበረኸ ጫፍ ናይ'ቲ ጎቦ ንዝተተኽለት ሽግ ወሊዓ።

ኣፈልባ ኣብ ዝበጽሓትሉ፡ ብሪጋደር ጀነራል ስምኣን ዕቑብ፡ ንኩነታት ግንባር ደቀምሓረን ኣብኡ ዝተኻየደ ምርብራብ ዛዕሚ ኩናትን ዝምልከት መግለጺ. ሂቡ።

ኣብ ገርገራ ድማ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ብህዝቢ. ዝተጌበረላ ብዜይላን ደብላን ዝተሰነየ ድሙቕ ኣቀባብላ፡ ኣብ'ቲ ትእምርቲ ናይ ምግባር ዓቕሚን መትከል ርእሰ-ምርኮሳን ዝኾነ ስትራተጂያዊ ዲጋ ብፍልባ ተንቀሳቒሳ።

ሽግ ናጽነት ናይ ዝቐጸል ሰሙን ጉዕዛኣ፡ ካብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓየሊ. ተበጊሳ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዓዲ-ኳላን ማይ-ምነን ናይ 111.8 ኪሎ-ሜተር ጉዕዞ ብምሽፋን ጉዳንጉር ክትኣቱ'ያ።

## ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና፡ ካብ 14 - 19 መጋቢት ክወሃብ'ዩ



ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ፡ ካብ 14 ክሳብ 19 መጋቢት ኣብ ወሽጢ. ሃገርን ወጻእን ከምዝወሃብ፡ ኣብ ሃገራዊ ኮሚሽን ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ፡ ዳይረክተር ማእከል ፈተና ዶክተር ብስራት ገብሩ ሓቢሩ።

ናይ ሎሚ ዓመት ፈተና፡ 14 ዓይነታት ትምህርቲ ዘጠቓልል ኮይኑ፡ ብሰሩዕ ክመሃሩ ዝሓገዩን ብብሕቲ ዝፍተኑን 15,331 ተመሃሮ - ካብኦም እተን 7641 ደቂ-ኣንስትዮ ክሳተፍዎ እዮም።

ናይ'ዚ ዓመት ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ - ሳዋ፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ፡ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ቴክኒክ ዶንቦስኮ፡ ማይ ሓበርን ዊናን፡ ቤት-ትምህርቲ ሕርሻ ሓጋዝ፡ ኣብ ጅዳን ርያድን ከምኡ'ውን ኣብ ማእከል ምእራምን ተሃድሶን፡ ብሓፈሻ ኣብ 10 መፈተኒ ማእከላት ክወሃብ'ዩ።

ካብ ተፈተንቲ፡ እቶም 13,483 ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ዋርሳይ ይከኣሎ፡ ዝተረፉ ድማ ተመሃሮ ቴክኒክ፡ ተመሃሮ ኣህጉራውያን ኣብያተ-ትምህርቲ ማሕበረሰብ ኤርትራ ኣብ ጅዳን ርያድን፡ ኣብ ማእከል ምእራምን ተሃድሶን ዝርከቡ ናይ ሕጊ ተኣረምቲ፡ ብብሕቲ ዝፍተኑ፡ ከምኡ'ውን ደረጃ ትምህርቶም ከመሓይሹ ዝደልዩ ተመሃሮ ማእከል ሞያዊ ስልጠናታት ምኻኖም፡ ዶክተር ብስራት ብዝወሰኸ. ኣብሪሁ።

እቲ ፈተና፡ መዛዘሚ ካልኣይ ደረጃን መሰጋገሪ ናብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ስለዝኾነ፡ ምስ ናይ ዝሓለፉ ዓመታት ሓደ ዓይነት ደረጃን ቀዋሚ መዐቀኒታትን ከምዝሓለዎ ዝገለጸት ዶክተር ብስራት፡ ተፈተንቲ ብኣጋ ኣብ ቦታ ፈተና ተረኺቦም ንዝወሃቦም መምርሒታት ብዝግቡእ ክርድኡ፡ ኣብ እዋን ፈተና ሃዲኦም ግዜኦም ብዝግቡእ ክጥቀሙሉ ተላቢዩ።

## ሚኒስተር ሕርሻ፡ ተተካኢ. ጸዓት ክድፋኣሉ የዘኻኽር

ኣብ ኤርትራ ዝርአ ዘሎ ብርሰት ኣግራብን እንስሳ ዘቤዓምን ምግታእ፡ ሓላፍነት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ምዃኑ፡ በዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘቤዓምን ብ9 መጋቢት ኣብ ኣስመራ ኣብ ዘቃለዎ ገምጋም ስራሑ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ኣኼባ፡ ኩነታት ሕዛእቲ ሓረምዝ ንምፍላጥ ብዝተኻየደ ዳህሳስ፡ ዝርጋሐ ሓረምዝ እናስፍሐ ይኸይድ ብምህላው፡ ኣብ መንጎ ሓረስቶትን ሓረምዝን ብቦታን ዝሰተ ማይን ቀጻሊ. ግጭት ከምዝፍጠር ተገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ዘተዓብዕ ምስሳን እንስሳ ዘቤዓም ደርአ ከምዝሎ፡ ኩነታት ኣድጊ. በረኻ ኣብ ደሓን ኩነታት ከምዝርከብ፡ መስርሕ ምምሕያሽ ኣዋጅ ምዕቃብ እንስሳ ዘቤዓም ኣብ ምጽፋፍ ከምዝሎ፡ ንጥፈታት ሓምላይ ወፍሪ ንምዕዋት ብመደብ ይሰራሕ ምህላዉ. በሪሁ።



ስዩናታን የዕበዮ

ዋና ኣካያዲ. ስራሕ ናይ'ቲ በዓል ስልጣን፡ ኣቶ ኣብርሃ ጋርዜ፡ ኣብ 2015 ብርሰት ኣግራብ ብናህሪ ከምዝቐጸለ፡ ኣብ ዕቃብ ኣግራብን እንስሳታት ዘቤዓምን ብዝተሰላሰለ ዓበይቲ ስራሓት ግን፡ ኣብ ሃገራዊ ሕዛእቲ ሰሜናውን ደቡባውን ባሕሪ ርኡይ ምዕባለ ከምእተመዝገበ ሓቢሩ።

ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ብርሰት ኣግራብ ንምግታእ፡ ጉድኒ-ጉድኒ'ቲ ዝቐየድ ገስጋሳት፡ ምትእትታው ተተካኢ. ጸዓትን ምሕያል ቀጽጽራዊ ስርሓትን ክድፋኣሉ ብምዝኽኻር፡ ስራሓት ምፍዋስ ፍግረ-መሬት ብዝለዓለ ውዳቤ ክቕየድ ተላቢዩ።

ሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣቶ ተስፋይ ጉብረስላሰ እውን፡ ኣብ ልዕሊ. ኣግራብን እንስሳ ዘቤዓምን ዝርአ ዘሎ ብርሰት ንምግታእ ብመንገዲ. በዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘቤዓምን ዝቐየድ ዘሎ ንጥፈታት ክዕወት፡ ምትሕብባር ናይ ኩሎም ኣካላት ከድልዮ ኣዘኻኺሩ።

## ኮማዊ ፖሊስ ይተግበር

ከርቲ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ፡ ሰላምን ርግኣትን ከበርኦም ንምውሓስ ኣብ ዝወጠኑ መደባት ብትግሃት ከምዝሳተፉ፡ ምስ ኣዘዚ. መደበር ፖሊስ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ሰርገኑት ግርማይ ሰጋሲት ኣብ ዝተኻየደ ርክብ ገሊጾም።

ኣብ'ቲ ርክብ ሰርገኑት ግርማይ፡ ህላወ ኮማዊ ፖሊስ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ፡ ህዝቢ. ብቐረባ ሽግራቱ ክፈትሕን ጸጥታ ከበቡ ክሕሉን ዝሕግዝ ኣብ ርእሲ. ምዃኑ፡ ኑቲ ብመደበር ፖሊስ ዝቐየድ ስራሕ'ውን ሓጊዚ. ስለ ዝኾነ፡ ምቛም ኮማዊ ፖሊስ ክድፋኣሉ ኣተሓሳሲቡ።

ሕጊ ዘይምፍላጥ ካብ ተሓታትነት ከምዘየድሕን ዘገንዘበ ሰርገኑት ግርማይ፡ ህዝቢ. ብቐጻሊ. ንዝወሃቦ ኣስተምህሮታት ብግቡእ ክጥቀመሉን ንፈጸምቲ በደላትን ገበናትን ናብ ሕጊ ከቕርብዎን ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ፡ ዝወሃቦም ኣስተምህሮታት ንቕሓቶም ኣብ ምብራኽ ስለዝሕግዞም፡ ቀጻልነት ክህልዎ ተላብዮም።

## እሰ — ዓንቀጽ

# ውዲት ተጻሒሉ - ዝበደሀ መኽተ

ኤርትራ ኣብ ዲፕሎማሲያዊ ተጻሉ ከምእትሕጸር ንምግባራ ክቶዩድ ዝጸንሐ እልቢ ዘይብሉ ዘመተታት፡ ዋላ እኳ "ኣብቂዑ'ዩ" እንተዘይተባህለ ሓይሉን ናህሩን እናደኸመ ይመጽእ ኣሎ። "ሓሶት ድረር ዕለት - ዘንተእለት ፍኹሶት" ከምዝበሃል፡ ብሓሶትን ምትሓልን፡ ብጠቕንን ጸለመን መልክዕ ኤርትራ ንምድዋን ዝተኻየደ ናይ ምስይጣን ዘመተታት፡ ሃሰዩ ኣየውረደን እኳ እንተዘይተባህለ፡ ምስ ግዜ ግን እቲ ሓቀኛ ምስሊ ኤርትራን ቅኑዕ መረዳእታን እናዓበለለ ይመጽእ ኣሎ።

ቅድሚ ሽዱሽተ ዓመታት፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ "እገዳ" ንምውሳን፡ ብቐንዱ ብኣመራጻ እተሃንደሰ ዓሎቕ፡ በጠቐነብ ዕርቃኑ እናወጸን እናተበለለን ክመጽእ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ እቲ ወሳኒ ርትዒን ቅንዕናን ከምዝዩዕር፡ ብወሓዱ ብክለሱሓሳብ ደረጃ ተኸሺሑሱ ናይ ወሑዱት ጉዲፍካ ኣብ ርእይቶ ማሕበረሰብዓለም፡ "እገዳ" ናይ ምልዒል ቃና እናበረኸ መጺኡ ኣሎ።

እዚ ብዙይቶ ጸጥታ ዝሓለፈ ናይ እገዳ ውሳኔዚ፡ ኣብ ወረቐት ዝሰፈረ፡ መለለዩ ቀጽሪእተዋህቦ ስለዘየብካ ድኣ'ምበር፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት፡ ዕቤት ህዝቢ ኤርትራ ንምሕንኻል ብዙሓት "ዘይእወጃት እገዳታት" ተፈቲናምየም። ኩሎም ግን ኣይሰርሑን።

እቲ ኣንጻር ኤርትራ ክቶዩድ ዝጸንሐ እልቢ ዘይብሉ ዘመተታት ክወቕዩ ዝሓለነ ዕላማ ኣብ ሰለስተ ክፋልካ ዝርእ እዩ። ሓደ፡ ኑቲ ኣብ ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተፈጸመ ርግጸት ሕጊን ዓመጽን ብምኽዋል፡ ኤርትራ 'ፍትሒ ይረጋገጽ' ኢላ ከይትምጉት፡ ካልእ መህወተቲ ጉዳይ ፈጠርኑ ኣፋ ምዕባስ፣ ካልኣይ ኑቲ ብቐነዕ መርገጺኣ፡ ንግቡይ ፖሊሲ ግበይቲ ሓይልታት ኣብ ዞባና ዝበደሀ መንግስቲ ኤርትራ፡ ብምህዛኣዊ ክሲታትን ጠቕንን ምስሉ ደዊኻ ምስይጣን፣ ሳልሳይ ድማ ኑቲ ቁጠባዊ ጸግዕተኛነት ወገድ ኣሊ፡ ብዕዮን ጻዕርን ልዕሊ ተመጽወትቲ ቀያታት ልምዓት እናማዘዘ፡ ሰላሙን ቅሳነቱን ኣውሒሱ፡ ኣብ ጻዕሪ ህንጻት ሃገር ዝተጸምደ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብጸቡቕ ኣብነት ንኻልኦት ኣርኣያ ከይከውን ዕቤቱ ምኽላፍ'ዩ ነይሩ።

የግዳስ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከምቲ ነዶይቲ ዝሓለምዎ፡ በዚ ሸርሒታት'ዚ ዕቤቱ ኣይተኸልፈን። ንኹሉ ዝበጠሞ ተጻብኦታት ዓጺፉ ስራሑ ብምምካት፡ ናብ ቀጻሊ ዕቤትን ሰር ቡዙኽ ለውጢን ዝሰጋገረሉ ጸፍሒ ክድይብ ክኢሉ ኣሎ። ዝተኣልመ ውዲት ተጻሒሉ በዓሁ ከኣ፡ ብደረጃ ዞባ ይኹን ብደረጃ ዓለም ዲፕሎማሲያዊ ርክባቱን ሃናጺ ጽምዶኡን ኣብ ምስፋሕ ይርከብ።

ህላወ ጥዑይ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድናን ሽርክነትን ከም'ኡ'ውን ርጉእ ጎደቦ፡ ዘቤታዊ ዕላማታት ኣብ ምስማር ዘለዎ ግደ ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ስለዚ ድማ ግዳማውያን ሓይልታትን ዞባውያን ሽቀልየምን ኣብ ዞባና ፈጢሮሞ ዘለው ሕንከር ኩነታት ንምቕያር፡ ናብቲ ቅኑዕን ሰፊሕን ዕላማ እናቋመተና፡ ጎደብና ካብ ዞባ ግጭት፡ ተጻብኦን ሽበራን፡ ናብ ዞባ ሰላም፡ ልምዓትን ምትሕግጋዝን ክንልወጦ ክንክእል ኣለና። ነዚ ንምግባር ድማ ምስ ህዙባታትን መንግስታትን ዞባናን ዓለምን ብሃናጺ ጽምዶ ምውሳእ ሓደ ካብ ግበይቲ መደባት ናይዚ ዓመት'ዚ ክኸውን ኮይኑ ተሰሪዑ ኣሎ። ብደረጃ ዓለም እውን ኑቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተፈጸመ ዓሎቕ ብምቕላዕ፡ ሓቀኛ ምስሊ ኤርትራ ምጉላሕ ተጠናኺሩ ክቕጽል ዘለዎ ናይዚ ዓመት'ዚ ክጽዮን ተልእኾና እዩ። ዲፕሎማሲያዊ ንጥፈት፡ እንተላይ ብህዝባዊ ዲፕሎማሲ ክድረዕ ስለዘየብኡ ድማ እዚ ዕማም'ዚ ናይ ኩሉ ወዲ-ሃገር ዜግነታዊ ሓላፍነት እዩ። ከምቲ ተጻብኦቲ እውን ዕረ እናጥዓምም ዝተኣመንሉ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ኣምባሳደር ሃገሩ ስለዝኾነ!

# ሓጋዝ - ህዝባዊ ወፈራ ጽሬት ተኻይዱ

ነበርቲ ከተማ ሓጋዝ፡ ኣብ ምሕላው ጽሬት ከባቢ ብሓፈሻ፡ ጣንጡ ክራብሓሉ ዝኽእላ ቦታታት ኣብ ምድፋን ድማ ብቐንዱ ዘተኩረ ማእቶታዊ ንጥፈታት ኣካይዶም።


ስ/ሰመረ እዮብ

በቲ ወፈራ፡ መኣከቢ ጉሓፍ ብምኻን ንከተማ ኣጋዕዝዩ ዝጸንሐ ቦታታት ከጸሪ እንከሎ፡ ጉድናታት ኣጸቢቡ ዝዘበረ ገረብ ተምሪ መሳ ተቘሪጹ፡ ኣብ መጸዚ ጽርግያ ሓጋዝ - ከረን ዝወዕል ኣእማን ተጓሪቱ።

እቲ ብምውህሃድ ኣካላት መንግስትን መንእሰያትን ዝተወደበ ወፈራ፡ ኣብ መጻኢ'ውን ክቐጽል ምዃኑ ሓላፊ ጨንፈር ሃማመተኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ መንእሰይ ጀማል ወልዲት ኣመልኪቱ።

በብኽበቡ ኣብ ሰሙን ክልተ ግዜ ዝቶዩድ ህዝባዊ ማእቶት፡ ብደረጃ ከተማ ኣብ ዓመት 4 ግዜ ከምዝካየድ ዝገለጹ ሓላፊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ከተማ ሓጋዝ ኣቶ ዜናዊ እስቲፋኖስ፡ ህዝቢ ኣጉዳስነት ናይ'ቲ መደብ ብምግንዛብ ተሳትፎኡ ልዑል ከምዝነበረ ገሊጹ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

ም/ ዋና ኣሰናዳኢ
ብንያም ፍስሃጽዮን
ቍ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454-07121322

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ሳምራዊት መለስ
ምሲጋና ተዓገስ
ኣስቴር ካሕሳይ
ሰማያዊት ሓይለኣብ


## ኣገደስቲ ቴሌፎናት

ሆስፒታል ሓሊቦ
18 54 00

ሆስፒታል ኦሮታ
20 19 17

ፖሊስ ኤርትራ
12 77 99

ኮርፖረሽን ኤሌትሪክ
ሰ.ቲ
12 22 22

ፋርማሲያ ቁ. 1
127565

መጥፋእቲ ሓዊ
202099

# ሎሚ መደብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ካርቱን |
| 09:30 | ምኽሪ ሞያውያን |
| 11:20 | ፊልም ብዓረብ |
| 11:45 | ዞተ ስፖርት |
| 11:00 | ሄራር |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | መኣዲ ስነጥበብ |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:25 | ናትራን |
| 16:30 | ዶክተራት |
| 18:12 | ልዝብ መንእሰያት |
| 18:20 | ማእገር |
| 19:00 | ዜና ትግረ |
| 19:15 | ዳረት ቃና |
| 20:00 | ዜና ዓረብ |
| 20:25 | ጨፈራ ጥዕና |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ኤረና |
| 22:15 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:30 | IN FOCUS |
| 23:00 | FILM |

## ሰንበት 13/03/2016

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | መደብ ዋሪ |
| 09:30 | መደብ ካርቱን |
| 09:55 | ሄሎ ደባይዋ |
| 11:35 | ፓኖራማ |
| 12:15 | ዶክተራት ብቐጥታ |
| 13:30 | መኣዲ ስነ ጥበብ |
| 14:05 | ሞዛይክ |
| 16:25 | ኣብዚ ሰሙንዚ |
| 17:10 | መደብ ህርመት |
| 19:00 | ዜና ትግረ |
| 19:20 | ፊልም ዓረብ |
| 20:00 | ዜና ዓረብ |
| 20:20 | ብጋህዲ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:30 | ደባብ ብቐጥታ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:45 | መርሓብ |
| 23:20 | film |

## ሰኑይ 14/03/2016

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | cartoon (moon circus)EP-02 |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ኣብዚ ሰሙንዚ |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:40 | ጨፈራ ጥዕና |
| 14:15 | ፓኖራማ |
| 14:50 | TV/serial love story E- 36 |
| 15:40 | sport highlights |
| 15:55 | IN FOCUS |
| 16:20 | ዞተ ስፖርት |
| 17:40 | ኤረና |
| 18:35 | መደብ ዋሪ |
| 19:00 | ዜና ትግረ |
| 19:20 | TV/serial love story E- 31 |
| 20:00 | ዜና ዓረብ |
| 20:25 | ናፈዛ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ማእገር |
| 22:15 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:30 | NEWS HIGHLIGHTS |
| 22:55 | FILM |

ቁጠባ ልምዓት




ኤርምያስ ሰለሞን

# ሕማም ነፍሪ

## "ዘይትንከፍ"። ንእንስሳን ሰብን ቀታሊ ዝኾነ ሕማም



ኣቶ ተስፋይ የሴፍ

ምኽሪ ክኢላታት ሕርሻ

ኣብ ዝሓለፈ ቀዳም፡ ንኣገባብ ምትሕልላፍ፡ ምክልኻልን ምፍዋስን ቀታሊ ሕማም ነፍሪ ብዝምልከት፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን፡ ላዕለዋይ ተቘጻጻሪ ሃብቲ እንስሳ፡ ኣቶ ተስፋይ ዮሴፍ ተወኪስናዮ ኔርና፣ 2ይን ናይ መወዳእታን ክፋሉ እንሆ፡-

ከም ኣብ ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኣብ ሃገርና'ውን እዚ ሕማም ይርአ'ዩ፣ ዓመታዊ'ውን ኣብ እተፈላለየ ቦታታትን ግዝያትን ወፈራታት ክታበት ይካየደሉ እዩ፣ ብሓፈሻ ኣብ ሃገርና እዚ ሕማም ቀንዲ ዝርኣየሉ ወቕትታት፡ ኣብ መጀመርታን መወዳእታን ክረምቲ፡ ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ደርቂ እዩ።

### ስጋ ጉዚ ኣብ ምትሕልላፍ ሕማም ነፍሪ

ህዝቢ ኤርትራ፡ ስጋ ጉዚ ብሓባር ሓሪድካ ተኻፊልካ ናይ ምብላዕ ጽቡቕ ልምዲ ኣሎዎ፣ እዚ ባህሊ'ዚ፡ ናቱ ጽቡቕ ጐድኒ'ኳ እንተ ሃለዎ፡ ኣብ ምትሕልላፍ ሕማማት ግና ኣሉታዊ ተራ ይጻወት'ዩ፣ ብፍላይ ከም ነፍሪ ዝኣመሰሉ ቀተልቲ ሕማማት፡ በዚ መገዲ'ዚ ህይወት ሰባት ከጥፍኡ ስለ ዝኽእሉ ዓቢ ጥንቃቐ የድሊ።

ብፍላይ ኣብ ገጠራት፡ ገለ ገለ ዘይሓላፍነታውያን ሰባት፡ ከብቶም ሃንደበት ብሕማም ሞይቱ እንከሎ፡ "ጸዲፉ ሞይቱኒ" ብዝብል ምኽንያት፡ ኣብ ዓዶም ወይ ጉረባብቶም፡ "ስጋ ጉዚ ውሰዱለይ" ብምባል፡ ኣብ ጥዕና ህዝቢ ዓቢ ሓደጋ ዘውርዱ ኣለዉ፣ እቲ እንስሳ ብነፍሪ ዝሞተ እንተኾይኑ፡ ነቲ ስጋ ዝበልዐ ሰብ፡ ኣደዳ ሕማምን ሞትን ይኸውን፣ እቲ ዝተሓርደሉ ከባቢ'ውን ብባክተርያ ሕማም ነፍሪ ተበኪሉ፡ ንነዊሕ እዋን እንደገና ንሰብን እንስሳን ጠንቂ ሕማም ይኸውን።

ስለዚ፡ ብዝተኻእለና መጠን፡ ጥዕናኡ ዘይተረጋገጸ ስጋ ካብ ምብላዕ ክንቍጠብ፡ ብዓቢኡ ድማ ኣብ ከባቢና ካብ ዝርከብ ቤት ሕርድታት ብኽኢላታት ዝተመርመረ ስጋ ጥራይ ናይ ምጥቃም ልምዲ ክነጥሪ ይግባእ፣ ዝኾነ ወናኒ ጥሪት'ውን፡ ንጥዕና ሕብረተሰቡ ክሓሊ ይግባእ፣ ሕማም ኮነ ሞት እንስሳ ምስ ዘጋጥሞ ድማ ቅድም-ቀዳድም ኣብ ከባቢኡ ንዝርከብ ክኢላ ጥዕና እንስሳ ክሕብር ይግባእ።

### ኣገባብ ምውጋን ዝሞተ እንስሳ (በድኒ)

ሞት እንስሳ ብሕማም ነፍሪ ምኳኑ እንተ ተረጋጊጹ፡ ፍጹም ከይተኸፍተ፡ ክቃጸል ወይ ክቕበር ጥራይ ይግባእ፣

### ኣገባብ ኣቀባብራ

ክልተ ሜትሮ ዝዕምቈቱ ጉድጓድ ይኩዓት፣ ምድሪ እቲ ጉድጓድ፡ ኖራ ይንጸፍ፣ ብድሕሪኡ፡ ብጥንቃቐ በድኒ ከም ዘቕመጥ ይግበር፣ ኣብ ልዕሊ'ቲ በድኒ'ውን እንደገና ኖራ ይግበር፣ ብድሕሪኡ ሓመድ ንኸድኖ፣ ኖራ ምስ ፈሳሲ እቲ በድኒ ተወሃሂዱ፡ ሙቐት ይፈጥር፣ በዚ ሙቐት'ዚ ድማ እቲ ባክተርያ ነፍሪ ብቐሊሉ ይመውት፣ ኣብዚ ጉድጓድ፡ እቲ በድኒ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኩሉ ምስቲ በድኒ ዝተተናኸፈ ነገራት ወይ ዝወጸ ፈሳሲ ይቕበር።

### ኣገባብ ውሽባ

ኣብ ሓደ ቦታ፡ ሕማም ነፍሪ ምእታዉ እንተ ተጠርጢሩ ወይ እንተ ተረጋጊጹ፡ ንዝኾነ መንግስታዊ ኣካል፡ ብቐንዱ ድማ ንዝምልከቶ ሕክምና እንስሳ ክበጽሕ ሓላፍነትን ግዴታን ነፍሲ-ወከፍ ሰብ እዩ፣ ዝምልከቶ ኣካል ድማ ናብቲ ቦታ ብምኻድ ነቲ ሓበሬታ የረጋግጾ።

እቲ ዘጋጠመ ብርግጽ ሕማም ነፍሪ ምኳኑ እንተ ተረጋጊጹ፡ መስርሕ ውሽባ ይእወጅ፣ ዝኾነ ሰብ ኮነ እንስሳ ናብቲ ቦታ ከይንቀሳቐስ ድማ ይእገድ፣ ኣቐዲሞም ምስቲ እንስሳ ኮነ ምስቲ ከባቢ ርክብ ዝገበሩ ኣብ ክትትል ይኣትዉ፣ በቲ ሕማም ዝሞታ እንስሳታት ግቡእ ናይ ምውጋን ስጉምቲ ይውሰደለን፣ ዝሓመማ እንተ'ለዋ ድማ ግቡእ ሕክምና ይረኽባ፣ ዝተለኽፉ ሰባት እንተ'ለዉ እውን ከምኡ ህጹጽ ሕክምና ይግበረሎም።

ብተወሳኺ፡ ኣብቲ ከባቢ በዚ ሕማም ክልከፉ ተኽእሎ ዘሎወን እንስሳታት፣ ክታበት ይወሃበን፣ እዚ ድማ እቲ ሕማም ንኸይላባዕ ይሕግዝ።

እቲ ሕማም ኣብቲ ዝተራእየሉ ቦታ ጥራይ ከም እተደረተ፡ ድሕሪኡ ዝኾነ ጸገም ከም ዘይተራእየ ንምርግጋጽ፡ ንኽልተ ቕነ ዝኣክል እቲ ከባቢ ካብ ዝኾነ ምንቅስቓሳት ይእገድ፣ ብድሕሪኡ ግና ዝኾነ ምልክታት ምልባዕ እንተ ዘይተራእዩ፡ ነገራት ናብ ንቡር ከም ዝምለሱ ይግበር፥ ኣዋጅ ውሽባ ድማ ይልዓል።



# መለሳ ክሽነ

## ሩዝ ብካውሎ ካቡቺ

ዓቐን

- 1/2 ኪሎ ሩዝ
- 1 ሓባ ካሮት
- 1 ሓባ ሽጉርቲ
- 1/4 ኪሎ ካውሎ ብደቂቕ ዝተመትረ
- 1 ማንካ ሻሂ በርበረ ጸሊም
- 3 ሓባ ሄል
- 1 ሓባ ቃርፋ

ኣገባብ ኣሰራርሓ፡-

መጀመርታ ሩዝ ኣጽሪና ንሓጽቦ፣ ቀጺልና። ሽጉርቲ ኣፍሪና ብኸቢብ መቲርና። ብዘይቲ ንቐልዎ፣ ብድሕሪኡ። ካውሎ ካቡቺን ሩዝን ኣእቲና ንቐልዎ፣ ኣብ መወዳእታ። ቀመማት ኣእቲና ብህድእ ዝበለ ሓዊ ነብስሎ'ሞ። ኣወሃሂድና ንመግቢ ንቕርቦ፣

***

## ሩዝ ምስ ዓይኒ ዓተርን ዕፉንን

ዓቐን

- 1/2 ኪሎ ሩዝ
- 1 ኩባያ ዝበሰለ ዓይኒ ዓተር
- 1 ሓባ ሽጉርቲ
- 1/2 ኩባያ ዝበሰለ ዕፉን
- 1 ኩባያ ዘይቲ (ወይ ይኣክል'ዩ ብዝበልናዮ ዓቐን)
- 2 ማንካ ጣውላ ብደቂቕ ዝተመትረ ጉንዲ ሰዲኖ
- 1 ማንካ ጣውላ በርበረ ጸሊም
- ቁሩብ ጨው (ከም ኣድላይነቱ)

ኣገባብ ኣሰራርሓ፡-

መጀመርታ ንሩዝ ኣጸቢቕና ንሓጽቦ፣ ቀጺልና ዘይቲ ኣብ ድስቲ ጌርና ነቲ ሰዴኖን ሽጉርትን ንቐልዎ፣ ብድሕሪኡ። ሽጉርቲ ኣጸቢቑ ምስ ተቐልወ። ሩዝ ኣእቲና ቁሩብ ቅይሕ ክሳዕ ዝብል ነብስሎ፣ ኣብ መወዳእታ ምስ በሰለ። ዓይኒ ዓተር። ዕፉን። ጨው። በርበረ ጸሊም ኣእቲና ንመግቢ ንቕርቦ፣

ካብ መጽሓፍ ክሽነና እተወስደ

# ሽባብ

ሃማመተኤ

# “ብዙሕ ዝፍትን ሰብ ብዙሕ'ዩ ዝፈልጥ፡”

ሃብሮም ተማ. ዓብር ዓሊ

ብመርሃዊ ታደሰ

## ሃብሮም ኮተቴ



ሃብሮም ተማ. ዓብር ዓሊ

* ብድሕሪ ባይታኺ ክንፍልም?

- ጸቡቕ፡፡ ኣነ ዓብር ዓሊ እብሃል፡፡ ኣብ 20 ታሕሳስ 2000 ዓ.ም. ካብ ኣቦይ ዓሊ የሱፍ ዓሊን ኣደይ ነጃት መሓመድን ኣብ ከተማ ባጽዕ ተወሊደ፡፡ ናይ መባእታ ደረጃ ትምህርተይ ኣብ መባእታ ቤ/ት ኩትምያ፣ ናይ 6ይ ክፍሊ ሳንፍራሲስኮ ባጽዕ፣ 7ይን 8ይን ከኣ ካብ ባጽዕ ናብ ኣስመራ ስለ ዝቐየርና ኣብ ቤ/ት ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ፊላንድ ማሰዮንየ ዛዚመ፡፡ ሕጂ ድማ 9ይ ክፍሊ ኣብ ቤ/ት ልምዓት እመሃር ኣለኹ፡፡

* ሕራይ ዓብር ካብ 1ይ ክሳብ 8ይ ክፍሊ ዝነበረ ናይ ኣካዳምያዊ ትምህርትኺ ውጽኢት ከመይ ይመስል?

- ኣነ ድሓንየ እየ ዝብል፡፡ ብዘይካ ኣብ 2ይ፡ 7ይን 8ይን ኣብ ካልእ ኩሉ ብልጫ እናወሰድኩ ዛዚመዮ፡፡ ካብ ናይ ዩኒት ብልጫ ዝወሰድኩሉ እዋን'ውን ነይሩ፡፡ ኣብዚ ሰዓት እዚ ከኣ በርቲዐ ትምህርተይ ጀሚረ ኣለኹ፣ ሓንቲ ካብቶም ብልጫ ዝወስዱ ተመሃሮ ክኸውን ከኣ ተሰፋ እገብር፡፡

* ኣብ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ፡ ምስጢር ዓወትኪ እንታይ'ዩ ዓብር?

- መጀመርታ ኣብ ክፍሊ መምህር እናተዋህበ ጽን ኢለየ ክሰምዖ ዝፍትን፡፡ ካልኣይ ድማ ዝተዋህበኒ ዕዮ ኣብ ግዜኡ ክሰርሖ ዝፍትን፡፡ እዚ ድማ'ዩ ንዓይ እቲ ንፍዕቲ ተማሃሪት ክኸውን ዘኽኣለኒ፡፡

* ዝኾነ ሰብ ትርፊ ግዜ ኣሎዎ፡፡ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ከኣ የውዕሎ፡፡ ንስኺ'ኸ ንዘርኸበክዮ ትርፊ ግዜ ኣብ ምንታይ ኢኺ ተውዕልዮ?

- መብዛሕትኡ እዋን ኣብ ትርፊ ግዜይ መጽሓፍ ምንባብን መዚቃ ምስማዕን ኣዘውትር፡፡ ከምኡ'ውን ናይ ስነጥበብ ዝንባለ ስለ ዘሎኒ ሓንሳብ ሓንሳብ ባዕለይ ግጥሚ ኮነ ሓጺር ዛንታ እጽሕፍ'የ፡፡ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ከኣ ብስርሓተይ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራውያን በዓላትን ካልኦት ጽንብላትን ተሰቲፈን ተዓዊተን'የ፡፡ ብሓፈሻ ግን “ንህይወተይ ይጠቕመኒ እዩ” ኣብ ዝበልክዎ ንጥፈታት ኣውዕሎ፡፡

* ሕራይ ዓብር፡ ዛንታ ኣንቢብኪያ ካብ ዘለኺ መጻሕፍቲ ከም ኣብነት ክትጠቕስሎይ እንተ ዝሓተኪ?

- ካብ ናይ ሃገርና መጻሕፍቲ፡ መድረኽን ብኸመይ ሃብቲምን ዝርእስቶን መጻሕፍቲ ከንብብ እኽእለኹ፡ ካብ ናይ ወጻኢ መጻሕፍቲ ከኣ “Gulivers Travels” “Romeo and Juliet” “AlaAldin” “The young King” ወዘተ. ዝርእስቶም መጻሕፍቲ ኣንቢበ ኣለኹ፡፡

* ካብ ኣቦኣት ስድራቤትኪ ንፍዕቲ ንክትኮኒ ብፍሉይ ዝጸለውኺ ኣለውዶ?

- እወ፡፡ መኣረ ዝተባህለት ምዕባይ ሓብተይ ኣዝያ ንፍዕቲ ተማሃሪት'ያ ነይራ፡፡ ኣብዚ ሰዓት'ዚ እውን እንተ ኾነ ብ“ኣኒማል ሳይንስ” ተመረቓ ንጹር ዕላማ ሒዛ ኣብ ስራሕ ዓለም ትጓዓዝ ዘላ መንእሰይ እያ፡፡ ኣነ ከኣ ካብ ብንእሽተየይ ክሳዕ እዚ ሰዓት'ዚ ንዓኣ ክመስል'ዩ ባህ ዝብለኒ፡፡ ኩሉ ግዜ ኣብ ገዛ ምስኣ ኩይነ ከጽንዕ ኣዝዩ ደስ ይብለኒ፡ ንሕልምታተይ ጋህዲ ትገብር ዓይነት ሰብ ኩይና ትሰመዓኒ፡፡

* ናይ መጻኢ ሕልምኺ እንታይ'ዩ ዓብር? ማለተይ ተማሂርኪ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ምስ በጻሕኪ እንታይ ክትኮኒ ኢኺ ትደልዪ?

- ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልክዎ ስነጥበብ ስለ ዝፈቱ ስነጥበበኛ ክኸውን ባህጊ ኣሎኒ፡፡ ይኹን እምበር ብዝለዓለ ደረጃ ዝሓልሞ ግን ፖለቲከኛ ምዃን እዩ፡፡

* ስለምንታይ ድኣ ፖለቲከኛ ክትኮኒ መሪጽኪ?

- ሕብረተሰብ ዓለምና ኣብ መሰል ደቂ-ኣንስትዮ (Womens Right) ዘሎዎ ኣረኣእያ ከምቲ ዝድለ ስለ ዘይተቐየረ ዘሎ፣ ነዚ ኣብ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትዮ ዘሎ ድሕረት ኣተሓሳስባ ንምቕያር ፖለቲከኛ ክኸውን መሪጸ፡፡

* ተማሃሮ ኣብ ትምህርቶም ንፉዓት ንክኾኑ እንታይ ክገብሩ ኣሎዎም ትብሊ?

- መጀመርታ ናብ ትምህርቲ መምጽኢኦም ዕላማ ክስሕቱ የብሎምን፡፡ እዚ ማለት መምህር እናመሃረ እንክሎ ጽን ኢሎም ክሰምዑ፣ ብመምህር ዝተዋህቦም ዕዮ-ገዛ ወይ ዕዮ-ክፍሊ ኣብ ግዜኡ ክሰርሕዎ ኣሎዎም፡፡ ምኽንያቱ ብዙሕ ልምምድ ዝገብር ሰብ ብዙሕ'ዩ ዝፈልጥ፡፡ ስለዚ መምህራን ዝሀቡኻ ዕዮታት ምስራሕ ናብ ዓወት ዝመርሕ መንገዲ ስለ ዝኾነ ኣብ ግዜኡ ብዘገዳስነት ክሰርሕዎ ኣለዎም፡፡

* ንግዚ ግለጸዮ እንተ ትባሃሊ?

- ብወገነይ ክሳዕ ሕጂ ንግዚ ብልክዕ ክገልጹ ዝኽእሉ ቃላት የለዉን በሃሊት'የ፡፡ ንሓደ ነገር ክትገልጾ ቃላት እንተ ውሒዱካ ወይ ስኢንካሉ ሰቕታኻ ዝዓበየ መልሲ እዩ፡፡ ስለዚ ንግዚ ክገልጾ እንተ ፈቲነ ቃላት ክረኽበሉ ስለ ዘይክእል ሰቕ ምባል ይሕሸኒ፡፡

* ትመልከዮም ቛንቛታት?

- ትግረ፣ ትግርኛ፣ ዓረብ፣ እንግሊዝኛ፡፡

* ከም ሃብሮም ተማሃሪት መጠን መልእኽቲ ክትረኽብዮም እትደልዪ ተማሃሮ ከመይ ዝበሉ እዮም?

- ድኽነታም ብምዃኖም ዝኸደኑ፣ ፍሕሶው ኣቃውሞ ወይ ገጽ ዘሎዎም፣ በቃ ብሕጻር ዝበለ ጸዕረኛታት ተማሃሮ'የ ክረኽብ ዝደሊ፡፡

* ዕላልና ናብ ምዝዛሙ ገጹ'ዩ ዓብር፡፡ ኣብ መወዳእታ ንተማሃሮ ከተምሓላልፍዮ እትደልዩ መልእኽቲ እንተ'ሎ ንእሽቶ ዕድል ከሀበኪ?

- ደቂ-ሰባት ኣብ ሓደ ደረጃ ትምህርቲ ንሓምቕ፡ ኣብቲ ሓደ ከኣ ንፍዕ ኢና፡፡ ማለት ምሉእ ህይወቱ ተዓዊቱ ዝወጸእ ሰብ ዳርጋ የለን፡፡ ስለዚ ወዲቑ ዘይተንሰአ ሰብ ከም ዘየለ ተገንዚብና ክንነብር ትዕ'ዩ ዘሎና፡፡ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ከኣ ንዓይ ደስ ትብለኒ ጥቕሲ ኣላ፣ ንሳ እንታይ'ያ ትብል፤ “I can't Promise any one to do some thing but who can stop me from being some one!” ስለዚ ኣነ ከኣ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ዝኾነ ሰብ “ክገብር'የ” ካብ ምባል ንኽገብር ይበለስ ክብል እደሊ፡፡

* ሕራይ ዓብር የቐንየልና፡፡

- ንዓይ'ምበር ስለቲ ዝሃብኩምኒ ዕድል'ዚ ዝሃብኩምኒ የቐንየለይ፡፡

---

ሕብረተሰብ

# ፍረደሪክ ኤንግልስ

ኢ.ንጅ. ሚኪኤል ኣዳም

ሓደ እዋን፡ ሓንቲ “ሓቐኛ ጥበብሲ ንሃገራትን ሓሳባትን በቲ ልክዕ መጸውዒኦም ክትጽውዖም ምኽኣል እዩ” እትብል ጥቕሲ፡ ሓደው ሰሚዐ ኣለኹ ወይ ከኣ ኣንቢበ እኸውን፣ ርግጸኛ ኣይኮንኩን፡፡ ኣብዘኾነ እንታይ ክብል ከም ዝደለኹ ትዝንግዕዎ ኣይመስለንን፡፡ ንሃገራትን ሓሳባትን፡ ሰኣን በቲ ልክዕ መጸውዒኡ ብምጽዋዕ ኣብ ረብሓኻ እተውዕሎን፡ ካብ ምዝመዛ ተብለጽቲ እትድሕንን፡ በቲ ንሰም ዝጥዕሞም መገዲ፡ ትርጉም እናዛብው ዘኽዘሕዎ ወረ፡ ኣንፈትካ ብምስሓት ከይመርመርካ ሓሳባት ምንጸግን ምንሻውን ናይዚ ዘመንዚ ተሳጋቢ ሕማም ተመዝመዝቲ ህዝብታት እዩ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን፡፡ ሰብ፡ ሰላግ ክኸውን ይግባእ፡፡ እዚ ግን ብቐሊሉ ዝርከብ ባህሪ ኣይኮነን፡፡ ብዞዕባ ሓሳባት፡ ምንጮምን ሓሳብቶምን ብምንባብን ብምምርማርን ይርከብ'ዩ፡ ካብ ዝብል ጽኑዕ እምንቶ ኸአ፡ ነዚ ጽሑፍ'ዚ ንቕርቦ ኣሎና፡፡ እንተዘይሰኪፍና ከኣ፡ ንቕጽሎ ግዲ ንኸውን፡፡

ካብ ወናኒ ፋብሪካ ዓለባን ሕርሻ ጡጥን ዝውለድ ኤንግልስ፡ ተመራማሪ ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት፡ ጋዜጠኛን ሰውራውን እዩ፡፡ ኤንግልስ፡ ብሰንኪ ንስድራኡ ዘጋጠሞም ጸገማት ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ክዛዝም እኳ እንተ ዘይከኣለ፡ ንናይ ሄግል ፍልስፍና ግን ብልዑል ኣተኩሮኡ ኣንቢብዎ፡፡ በዚ ድማ፡ ብሄግል ተጸልዩ እዩ፡፡ ድሒሩ እውን፡ ኣብ ዝተፈላለያ ዩኒቨርስቲታት ዝወሃብ ዝነበረ ኣስተምህሮታት እናተሳተፈ፡ ምስ ሄገላውያን ክዋሳእ ጀመረ፡፡ እቲ ምስ ሙሴ ሄስ ዝመስረቶ ዝምድና ድማ፡ ደሞክራት፡ ከም ካብ ሓሳባት ሄግል ዝመንጨወ ጌሩ ንኽቕጽሮ ኣኽኢልዎ፡፡

ኤንግልስ ምስ ወላዲኡ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ብዝኸደ፡ በቲ ኣብታ ሃገር ዝነበረ ግዱድ ዕዮ ኣንቀጥቀጠ፡፡ እዚ ድማዩ ንናይ ደሞክራት ሓሳቡ ኣብ ግብሪ ክትርጉም ዝደረኾ፡፡ እቲ ድርኺት ግን፡ ኣንጻር ናይ ስድራኡ ረብሓ እዩ ኔሩ፡፡ ስድራኡ ግን፡ ናብቲ ናቶም መስመር ክመልስዎ ደኣ ፈተኑ እምበር ፈጺሞምሲ ኣይወገዝዎን፡፡

ሓደ ካብቲ ንኤንግልስ ፍሉጥ ዝገብሮ ኩነታት፡ እቲ ምስ መስራቲ ሰውራዊ ደሞክራት ዝኾነ ካርል ማርክስ ዝገበሮ ንነዊሕ ዝቐጸለ ዕርክነት እዩ፡፡ ኤንግልስን ማርክስን፡ ሓሳብ ንሓሳብ ድሕሪ ምልውዋጦም፡ ምትሕግጋዞም ወሀድ፡ ፍልስፍናታቶም ድማ ተማሳሲሉ፡ ምኻኑ ድሕሪ ምርዳእ፡ ኣብ 1844 ክተሓጋገዙ ጀመሩ፡፡ ካብ ሽዑ ኣትሒዙም ድማ፡ ፍሉይ ስራሕ ንኽበርክቱ፡ ክሳብ እቲ ማርክስ ዝሞተሉ 1883 ተደጋገፉ፡፡ ዋላ እውን ድሕሪ ሞት ማርክስ፡ ኤንግልስ ክልተ ናይ ማርክስ መጻሕፍቲ ኣሕቲሙ እዩ፡፡

ኤንግልስ፡ ልክዕ ከም ወላዲኡ ዕውት ወናኒ ኢንዳስትሪ ምኾነ ነይሩ፡፡ እንተኾነ፡ ካብኡ ዝዓቢ ዕማም ብምሓዙ፡ ንሪሀዋ ጭቑናት ክቃለስ እዩ መሪጹ፡፡ ማርክስ፡ እንተኾነ እውን ልክዕ ከምኡ፡፡ እዞም ሰባት እዚኣቶም ንስነ-ሓሳባቶም እዮም ኣብሮም፡፡

ኤንግልስ፡ ንማርክሳዊ ስነ-ሓሳባት ዓቢ ኣበርክቶ ከም ዝገበረ እዩ ዝንገር፡፡ እቲ ማርክስ ኣብ ቀጥጠባዊ፡ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ጉዳያት ዝነበሮ ፍልጠት፡ ካብ ኤንግልስ ዝረኸቦ እዩ ይብሃል፡፡


ኤንግልስን ማርክስን ብሓባር ብምኻን ብዙሓት መጻሕፍቲ ጺሒፎም እዮም፡፡ እቲ ፍሉጥ ዕዮ ግን፡ እቲ “ኣዋጅ ደሞክራት” (1848) ብዝብል ኣርእስቲ ናብ ሕትመት ዝበቕዐ ዕዮ እዩ፡፡ ንድፈ-ሓሳብ ናይዛ ጽሕፍቲ፡ ኤንግልስ እዩ ኣዳልይዋ፡፡ ንኻልኣይን ሳልሳይን ቅጽታት ናይታ ማርክስ ዝጸሓፋ “ማል” (capital) ዝርእስታ መጽሓፍ እውን ኤንግልስ እዩ ኣሰናዲእዋ፡፡ ብዘይካዚ፡ ኤንግልስ ብስም ማርክስ ዝተሓትሙ ብዙሓት ዓንቀጻት ጽሒፉ እዩ፡፡

ኤንግልስ፡ ማርክስ ድሕሪ ምማቱ፡ ነቲ ክልቲኦቶም ዘበገስዎ ሓሳባት ኣማዕቢሉዎም እዩ፡፡ ንማርክስነት ብስነ-ፍልጠታዊ መገዲ ምትንታኑን፡ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ፍልጠት ተግባራዊ ንምግባሩን ከኣ ብዘለዎ ሓይሊ ሰሪሑሉ እዩ፡፡

ኤንግልስ፡ ኣብ ባርመን ዝተባህለት ናይ ፕራሽያ ከተማ ተወልደ፡፡ ኣብ ሰውራዊ ንጥፈታት ይዋሳእ ብምንባሩ፡ ብፖሊስ ይህደን ነበረ፡፡ ኣብ መወዳእታ ሽኡ፡ ኣብ 1848 ካብ ፕራሽያ ሃደመ፡፡ ኣብ'ቲ ኣብ 1848 ዝተባረዐ ሰውራ ንምስታፍ ናብ ሃገሩ ተመልሰ፡፡ እቲ ሰውራ ብምብርዓኑ ግን፡ ዳግማይ ናብ ስደት ኣምረሐ፡፡ ኣብ ለንደን ድማ፡ ናይ ኣቡኡ ፋብሪካ እናካየደ ተቐመጠ፡፡ እኹል ኣታዊ ስለ ዝነበሮ፡ ነቲ ፈታዊኡ ዝነበረ ማርክስ ምስ ስድራቤቱ ይኣሊ ነበረ፡፡

ኤንግልስ፡ ብብዙሓት ቋንቋታት ዝተጸሕፉ፡ ዝተፈላለየ ትሕዝቶታት ዝነበሮም ጽሑፋት ዘንበበ ሰብ እዩ፡፡ መስተውዓልን በሊሕ ኣእምሮ ዘውንን ድማ እዩ ኔሩ፡፡ ብዙሓት ሊቃውንቲ፡ ጽሑፋት ኤንግልስ ቅድሚ ጊዜኦም ዝተጸሕፉ ብሩቕ ጽሑፋት እዮም ብምባል ንብልሐ ይምስክሩ፡፡

ኤንግልስ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣርእስታት ዘተኮሩ ጽሑፋት ጽሒፉ እዩ፡፡ ገለ ካብቶም ዝጸሓፎም ዓውድታት ንምጥቃስ፡ ሃይማኖታዊ ታሪኽ፡ ስነ-ስብ፡ ዝምድናታት ወጻኢ፡ ህይወት ደርቢ ሸቓሎ እዮም፡፡ ብዘይካዚ ኤንግልስ፡ ኣብ ወተሃደራዊ ስነ-ኪነት ዘተኮሩ ጽሑፋት እውን ጽሒፉ እዩ፡፡ እታ ‘ኩነታት ደርቢ ሸቓሎ ዓዲ እንግሊዝ’ እትብል መጽሓፉ (1844)፡ ኖቲ ኣብ ሻውሳት እታ ሃገር ዝነበረ ከርፋሕ ናብራ ሸቓሎ ብልክዕ እትገልጽ ተባሂላ ዝተናእደት መጽሓፍ እያ፡፡ ብኻልእ ወገን “ሰውራ ኣብ ስነ-ፍልጠት” (1878) እትብል ዕዮኡ ዓቢ ህቦብላ ዘጥረየትን፡ ኣብ ደሞክራውያንን ማሕበርነታውያንን ሃገራት፡ ንወለዶታት ከም መጽሓፊ ትምህርቲ (text book) ኰይና ዘገልገለትን እያ፡፡



ዝተረፉ ዕዮታት ኤንግልስ፡ ምስ ጀርመናዊ ሰንሚ ፍልስፍናን (radical philosophy)፡ ሰውራ ጀርመንን (1848-1849) ዝተኣሳሰሩ እዮም፡፡

ኤንግልስ፡ ብሰሪ'ቲ ዝነበሮ ስነ-ሓሳብ ኣይተመርዓወን፡ ዝኾነ ሓድጊ እውን ኣይሓደገን፡፡ እንተ ኾነ፡ እቲ ምስ ማርክስ ሓቢሮም ዝዳደይዎ ብሉጽ ዕዮ፡ ከም ኣእምሮኣዊ ሓድጊ፡ ንዓለምና ዓቢ ሃብቲ እዩ፡፡

# ሕዝብ

## እንታይ ትመኽሩ

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

*ተማሃራይ 11 ክፍሊ እየ። ከም ሰበይ ናብ ፈተና ተዳልየ እመጽእ'ሞ፡ ኣብ መንጎ ፈተና ግን ሃንደበት ፍርሒ ይስመዓኒ። ብፍላይ ድማ ኣብ 'Mathes' (ቁጽሪ)። ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ከምኡ ኣጋጢሙኒ። ከም ወጽኢቱ ድማ ብሸኽኢ ተረፈ። ድሕሪኡ ዋላ ሓንቲ ሕቶ ክሰርሕ ኣይከኣልኩን። ብኸመይ ዚ ናይ ፈተና ፍርሒ፡ ካብ ነብሰይ ከጥፍኦ ከም ዝኽእል፡ ሓገዝኩም እጸብ ኣለኹ።*


*ኣብ ትምህርቲ ካብ'ቶም 'Top' 10 ዝኸሱ ተማሃሮ እየ። ኣብ ማትሪክ ናይ ዲግሪ ነጥቢ ከም ዝምጽእ እውን እተኣማመን'የ። ኩይኑ ግን ክሳብ ሕጂ 'ኣብ'ዚ ዓውዲ ክኣቱ እየ' ኢለ ሓሰብ ኣይፈልጥን። ካብ ዘይምፍላጥ ድዩ ወይስ ካብ ዘይምግዳስ እውን ኣይርድኣንን'የ። ግና ኣብ ፊዚክስን 'Mathe'ን 'potential' ኣለኒ። ስለ'ዚ፡ ብኸመይ'የ ዝሞምሚ ዓውዲ ክመርጽ ዝኽእል?*

*FAFSEG ካብ መንደፈራ*

ዝበዝሑ ሰባት፡ ኣብ እዋን ፈተና፡ ይዕብ ይንኣስ ጸቕጢ ይስመዖም እዩ። ደረጃ ዝስመዖካ ጸቕጢ ወይ ፍርሒ ብዘየገድስ ግን፡ ጸገምካ ንኽትፈትሕ ጻዕሪ ክትገብር የድልየ። ንስኻ ድማ፡ ሾግርካ ኣለለኻ፡ ካብኡ ንኽትወጽእ ስለ ዝተበበኸ፡ ከም እትዕወት ኢኻ ኣሚንካ። በቲ ሓደ ወገን "ሎሚ እንተ ተረፈ ጉዕዞ ትምህርተይ ትርገም የብሉን!" ክትብል ከለኻ፡ በቲ ካልእ ድማ "ኦሮማይ ሎሚ ምትራፈይ እዩ!" ዝብል ስግኣት ኣብ ውሽጥኻ ኣሎ። ኑቲ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ዝያዘየ ቦታ ሂብካ፡ ቁጽጥሮ ወይ ድማ ዜሮ ኣወንታ ሒዝካ ፈተና ክትሰርሕ ትጀምር።

ኣእምሮኻ ተዛዊዱን ኣብ ፈተና ጥራይ ኣድሂቡን ክንዲ ዝሰርሕ፡ ዘፍርሑ ሓሳባት ስለ ዝመልእ፡ ፍልጠትካ ኣብ ትሕቲ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባታት ይቕበር። ሽዑ፡ ኑቲ ጽቡቕ ገይርካ እትፈልጦ እውን፡ ክትዝክሮ ኣይትኽእልን። ኣብ ፈተና ናይ ምትራፍ ፍርሒ፡ ናይ ውድቀት ፍርሒ፡ ካብ ቤት-ትምህርቲ ናይ ምስጓግ ፍርሒ፡ ናይ ስድራ-ቤት ፍርሒ፡ ናይ ውርደት ፍርሒ. . . ኣብ ኣእምሮኻ ቦታ ሒዞም፡ ካልእ ንኽይትዝክር ይጸብኡኻ።

ናብ ቤት-ትምህርቲኻ ፍልጠት ክትቀስም ጥራይ ኢኻ ትኸይድ ዘለኻ። ዕላማኻ ንፍልጠት ክሳብ ዝኾነ ድማ፡ ፍልጠት ከተዋህልል እትኽእል ዕድል ንኸየምልጠካ፡ ብኣድህቦ ክትከታተል ይግባኣካ። ፈተና፡ ንክእሉ ክብል ዝመጽእ ደኣ'ምበር፡ ሽዑ ኣጸጊሙካ ከም እትሓልፍ ግድል ገይርካ ኣይትውሰዶ። ወረቐት ምሽክር፡ ከም እኹ ናይ ፍልጠት ደረጃ



ካብ ዘጨንቑኻ ሰባት ርሓቕ


ኣይንጠራጠርን።

ኣብ ፈተና ዝወርሰካ ፍርሒ፡ መጠኑ ዝሓለፈ እንተ ኹይኑ፡ መምህርካ "ሕጂ ግዜ ፈተና እዩ፡ ጥራውዝኦትኻ ይኹን ካልእ ጽሑፍ ካብ ከብኺኻ ኣርሒቕካ ተቐመጥ" ምስ በለካ፡ ብፍርሒ ዝኣክል ኣካላትካ ዝለማስ ኩይኑ ይስመዓካ። ውሽጥኻ ይርበሽ። በዚ መጺኡ ዘይብልካዮ ረሃጽ ካብ ኣካላትካ ይፈስስ። ወረቐት ፈተና ኣብ ፊትካ ምስ ኣቐመጠልካ ከኣ፡ ተፋጢጥ ይኸውን። ምኽንያቱ፡ ኑቲ ፈተና ከም ዘይትኽእሎ ገይርካ ዝቐጸሉዎ ተማሃሮ፡ ንፈተና ወይ መርመራ፡ ከም ናይ መውዳእታ ወይ ከኣ ወሳኒ ወጽኢት ገይርም ስለ ዝርእይዎ፡ ኣካሎምን ኣእምሮኦምን ልዕሊ ንቡር ኣሰርም እዮም ናብ ፈተና ዝቐርቡ። ብፍርሒን ጭንቀትን ተዓብሊሎም፡ ኑቲ ጽቡቕ ገይርም ዝፈልጥዎ ከይተረፈ ክዝክሩ ኣብ ዘይክእሉሉ ኩነት ይበጽሑ።

ንስኻኸ "ፈተና፡ ናይ መውዳእታ መንገዲ ሂወተይ ዝውስን ድዩ?" ኢልካ ንነብስኻ ሓቲትካያዶ ትፈልጥ?

# "ፍርሒ ኣብ ግዜ ፈተና"

- "ኣይፋሉን" እንተ ኹይኑ መልስኻ፡ ኣብ ፈተና ዝሓድረካ ፍርሒ ክበዝን እዩ። እዚ ፍርሒ እዚ እንተ ዘየሉ፡ ተዛዚኻን ብርጉእ መንፈስን ክትሰርሕ ኢኻ። ኣእምሮኻ ካልእ ዘጨንቕ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ እንተ ዘይመሊእካዮ፡ ብኣተኩሮ ስለ ዝሰርሕ፡ ዝርካቡ ፍልጠት ብቐሊሉ ክቕርበልካ እዩ። ብኡ መጠን ድማ ጽቡቕ ወጽኢት ከተመዝግብ ኢኻ።



ኣእምሮኻ ካብ ፍርሒ ነጻ ግበሮ

ብርግጽ፡ ኣብ ትምህርቲ ይኹን ኣብ ካልእ ዓውዲ፡ ኩላትና ሰባት ኣብ ሂወት ዕዉታት ምእንቲ ክንከውን ኣብ ቅድድም ኢና እንነብር። ዓወት ግን "መን ብቕድሚት ይጎዪ ኣሎ" ዘይኮነ፡ "መን'ዩ ጽቡቕ ዝጎዪ ዘሎ" እዩ ዝውስኖ። በዚ መንጽር፡ ብቐዳምነት፡ 'ክሳብ ክንደይ ፍልጠት ከዋህልል ክኢለ' ደኣ'ምበር፡ 'ክንደይ ነጥቢ ኣመዝጊበ' ክትብል ከም ዘይብልካ ንእምተልካ። ንፈተና ጥራይ ዘይኮነ፡ ፍልጠት ንኽተዋህልል እትገብሮ ጻዕሪ እዩ ንወጽኢትካ ዝዕብዮ። ምኽንያቱ፡ ሓደ ካብ'ቲ ተማሃሮ ንፈተና ከም ዝፈርሕዎ ዝገብሮም፡ ካብ ፈለማ ፈተና ሂወት፡ ብትብዖት ክትገጥም ድሉው እንተ ሃሊኻ፡ ኣብ እዋን ናይ ወረቐት ፈተና ራዕራዕ ዝብል ሾግር ክህልወካ ኣይክእልን እዩ። ፈለማ፡ ንገዛእ ነብስኻ ምሉእ ብምሉእ ተቐቢል'ካ፡ ብዘለካ ዓቕሚ፡ ዓቢ ወጽኢት ከም እተመዝግብ እመን። ሓይልኻ፡ ተውህቦኻ፡ ሕጽረታትካ ወይ ጉድለታትካ . . . ፈሊጥካ፡ ኣብ እተደምጸሉ ዓውዲ ኣቦርቲዕካ



ሓበርካ ምጽናዕ ተላመድ

እኹል ምድላው ዘይምግባር እዩ። እዚ ድማ "ኣይተዳለኹን፡ እኹል ፍልጠት ኣየዋህለልኩን፡ ኣይተረደኣንን. . ." ዝብል ስግኣት ይፈጥረሎም'ሞ፡ ፍርሒ ይስመዖም። ኣብ ግዜ ፈተና ድማ፡ እቲ ዝርካቡ ፍልጠቶም ካብ ኣእምሮኦም ይስወር።

ፈተና ወዲእካ ምስ ወጻእካ፡ ገለ ካብ'ቲ ሕቶታት፡ እናፈለጥካዮ ከም ዝተጋገኻዮ ኣስተውዒልካዶ ትፈልጥ? ሽዑ ምስ ወጻእካ፡ እታ መልሲ ትዝክራ'ሞ፡ "ጽቡቕ ገይረ እናፈለጥኩዋ እምበር ተጋጊየያ!" ኢልካ ዝተጠዓስካሉ፡ ወይ እውን ካልኦት ሰባት ከምኡ ክበሉ ኣጋጢሞሙኻዶ? እዚ ዘመልክቶ እንተሎ፡ ኣብ ግዜ ፈተና፡ ኣእምሮኻ ብፍርሒ ስለ ዝመላእካዮ፡ ኣብ ቀፎኡ ዘሎ ፍልጠት ክቕርበልካ ኣይከኣለን።

ኩላትና ሰባት፡ ካብ'ቲ ኣብ ፍሉይ ፈተና እንረኽቦ ቁጽራዊ ወጽኢት ኣመና ዝዓቢ፡ ፍሉይ ክእለትን ፍልጠትን ኣሎና። ብዘውሳኺ፡ ኣብ ገለ መዳይ ዘይንፉዓት፡ ኣብ ገለመዳይ ድማ ንፉዓት ክንከውን ተፈጥሮ ቀረጹና እዩ። ብኽእለትናን ተውህቦናን፡ ካብ'ቲ ናይ ወረቐት ፈተና ብዕጽፍታት ዝዓቢ ናይ ሂወት ፈተና ንሰግር ከም ዝኸኣንና ክትዝንግዖ የብልካን። ስለ'ዚ፡ ኑቲ ዓቢ

ሰራሕ።

ኣብ ደብዳቤኻ፡ ናይ ዲግሪ ነጥቢ ከተምጽእ ከም ትኽእል ምሉእ እምነት ከም ዘለካ ኢኻ ሂቢርካ ዘለኻ። እዚ እምነት'ዚ እንተ ደኣ ኣሕዲርካ፡ ካብ ፈተና ዘፍርሓካ ምኽንያት እንታይ እዩ? - ብሓቂ ናይ ዲግሪ ወጽኢት ከም እተምጽእ ትተኣማመን ዲኻ? ከምኡ እናበልካ፡ ኣብ ግዜ ፈተና ትፈርሕ ብምህላውካ (1) እዚ ርእሰእምነት፡ ብቓላት ደኣ ትብሎ ኣለኻ እምበር፡ ኣብ ውሽጥኻ የለን (2) ንወጽኢት ፈተና ልዕሊ ዓቕን ኣምሊኽካዮ ስለ ዘለኻ፡ ካብ ኣመና ምጥንቃቕ፡ ኣብ ግዜ ፈተና ፍርሒ ይሓድረካ ኣሎ፡ (3) እኹል ምድላው ከይገበርካ፡ ናብ ፈተና ትኣቱ ስለ ዘለኻ፡ ንኸይትተርፍ ብኡ ትፈርሕ ኣለኻ። ወይ እውን ካብ'ዞም ዝተጠቕሱ ወጻኢ፡ ንውሽጥኻ ዝርብሽ ጎናዊ ክስተት ክህሉ ይኽእል።

ትምህርቲ፡ ምሉእ ብምሉእ ናይ መጻኢ ሂወትካ ዝውስን ዘይኮኑ ከም መንገዲ ምርምር፡ርኽበት፡ናይ ምዝናይ ዕማም፡ ባህታ እትረኽበሉ ንጥፈት. . . ክትርእዮ እዩ ዘለካ። ሓያሎ ዕላታዊ ንጥፈታት ኣለዉኻ። ትምህርቲ ድማ ሓደ ካብኦቶም እዩ። ንእብነት ምስ ኣዕሩኽትኻ ወይ ወለድኻ እተዕልለሉ ግዜ፡ ኩዑሶ እትጻወተሉ ወይ እትርእየሉ ግዜ፡ መጽሓፍ እንተንበብሉ ግዜ፡ ኣብ ንግዳዊ ንጥፈታት እትጽመደሉ ግዜ. . . እንተ ሃልዩኻ፡ ናይ ክፍሊ ትምህርቲ ከኣ፡ ሓደ ካብኣቶም እዩ። ከም ኩሉ ንጥፈታትካ፡ ዝጥዕሞ ግዜን ተገዳስነትን ሃብ። ጉዕዞ ትምህርቲ እንተ ተሰናኺሉ፡ ኩሉ ነገር ተሰናኺሉ ማለት ከም ዘይኮነ እመን። ወዲ ሰብ፡ ምሉእ ዕድመኡ ተማሃራይ እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ክትመሃር ኢኻ እትነብር። እዚ ክንብል ከለና፡ 'ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ኣገዳሲ ኣይኮነን' ማለትና ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ኣብኡ እተሕድሮ ልዕሊ ንቡር ዝኾነ እምነት፡ ፍርሒ ንኽየሕድረልካ ስለ ዝሕግዘ እምበር።

"ክተርፍ እየ፡ ካብ ትምህርቲ እንተ ደኣ ተረፈ ኣኸሊሉኒ እዩ" ዝዓይነቱ ሓሳብ፡ ንፋዕ ንኽትከውን ኣይሕግዘካን እዩ። ምናልባት እንተ ተረፍካ እውን፡ ዘይምዕዋትካ፡ ኣካል ናይ'ቲ ናብ ዓወት እትገብሮ ጉዕዞ ደኣ'ምበር፡ ናይ መውዳእታ ውድቀት ከም ዘይኮነ እምነት ኣሕድር። እዚ እውን፡ ፈተና ከም ዘይትፈርሕ ክገብረካ እዩ።

- ንመጽናዕቲ እኹል ግዜ ሃብ። እዚ ማለት ድማ ኣቐዲምካ ዝከኣለካ ፍልጠት ኣዋህልል። ኣብ ሓጺር እዋን፡ ናይ ሓደ ሰሚስተር መጽናዕቲ ክትሽፍን ኣመና እንተ ደኣ ሃሊኻ፡ ኣእምሮኻ ጸቕጢ ክበዝሖን ክጭንቖን እዩ።

- ክተጽንዕ ከም ዘለካ ኣሚንካ ጥራይ ዘይኮኑ ናይ መጽናዕቲ ድልየት ከም ዘለካ ኣረጋግጽ።

- ኣብ መንጎ መጽናዕትኻ ከከም ኩነታቱ ተዛናጋዕ። ንጭንቀታትካ ኣወግዶም። "ግድን እዛ ኣርእስቲ ወይ እዛ ምዕራፍ ክውድኣ ኣለኒ ኢልካ" ኣመና ሰልክዩካ ከሎ ኣይትቕጸል። ኣእምሮኻ ዝኩይ ኣብ ዝኸውሉ እዋን፡ ፍልጠት ከም ዝዕቀር ኣስተውዕል። ከተጽንዕ ምስ ጀመርካ፡ ኣእምሮኻ ናብ ካልእ እንተ ግዒዙ፡ ጸቕጢ ይስመዓካ ስለ ዘሎ፡ ቅድም ናብ ንቡር ንኽትምለስ ተዛናጋዕ።

- ከተጽንዕ ከለኻ፡ ዝበዝሑ ህዋሳትካ ከም ዝሳተፉ ምግባር፡ ነገራት ንኽትዝክር ዓቢ ተራ ኣለዎ። ምስ መማህርትኻ ወይ ኣዕሩኽትኻ . . . ምክታዕ፡ ምዝርራብ፡ ኣብ ክፍሊ ጽን ኢልካ ምስማዕ፡ ምንባብ . . . ኣብ ጥራዝ ጥራይ ተተኺልካ ካብ ምጽናዕ ዝያዳ ረብሓ ኣለዎ።

ናብ 7ይ ገጽ ይቕጽል

# [illegible]

## ሉላይ

ብጻዊት ተኽለም (ወዲ ባጽዕ)

1ይ ክፋል

"ሎሚ'ስ እብ ቁም-ነገር ክትዛረብ ደሊኺ" ብዘይካኡ ኣብ ከተማ ባጽዕ ዝፈልጦ ቀረባ መቕርበይ ብዘይምንባሩ ዝኾነ ጸገም ደዩ ሓንስ ምስ ዘጋጥሚ ቀልጢፈ ዘዕልሎ ንእሽቶ ሓወቦይ እዩ።

ሓወቦይ ዝበልክዎ ምስ ሰምዐ እናኣኽማሰማሰ ዘረባኡ ቀጸሉ፡ "ወዲ ሰላሳን ኣርባዕተን ዓመት እኳ ኢኻ ሂኒኹ ኣነ ብኣርባዕተ ዓመት ጥራይ እየ ዝዓብየካ። እንተኾነ ኣነ ኣቦ ሰለስተ ቆልዑ'የ። ሂኒኽ ሓወይ ዘይትሰምዕ ኮይንካ እምበር ኣዚኻ ኢኻ ደንጊኻ። ብዝኾነ ሕጂ'ውን ክምብል በለ እምበር ኣይተኻዕወን። እንቋዕ ጥራይ ሓሰብካ እምበር ዝተረፈ ናባይ ግደፎ።" እቲ መታዓብቲይን ዓርከይን ዝኾነ ሓወቦይ ዕግበቱ ኣብ ገጹ ይንበብ ነበረ።

"ንኣቦይ ግን ቀስ ኢልካ ከተረድኦ ኣሎካ።" ኣቦይ ዝ. ሕሳስ ልደ ሓው ኣገዙ ስለ ዝፈትዎ ሓወቦይ ንኣቦይ ከም ዘረድኣለይ ተኣማሚነ እየ ዝዛረብ ነይረ።

"ኣንታ እንታይ ኮይንካ ድኣ፣ ወሻለ ክምርዖ ኢልካዮም። ብዝኾነ መርዓ ቀሊል ጉዳይ ስለዘይኮነ እታ ጓል'ሞ መን ምኻና ክትነግረኒ፡ ድሕሪኡ ምስ ስድራ መሸርና ሓዳኡ ንዛረብ" በለ። መብዛሕትኡ ግዜ ሓወቦይ ቁም-ነገር ክዛረብ ከሎ ኣተን ኣብ መንከሱ ዝርከባ ስሕዋት ጭሕሙ እናሓዘ ናይ ምዝራብ ኣመል ኣለዎ፡ ሕጂ'ውን ካብተን ክልቴና ንፈልጠን ኣዋልድ መሰልዎ'ዩ መን ኮን ትኸውን ብምባል ኣተን ወሓዳት ጭሕሙ እናደረዘ ዝሓስብ ዝነበረ። ኣነ ግን ናይ መርዓ መደብይ ምስ ካልእ'ዩ ነይሩ።

***

መፉብርዩይ ኣብ ከተማ ምጽዋዕ እዩ። ገና ወዲ ዕስራ ዓመት ከለኹ ክሰርሕ ብምባል ንባጽዕ መጺአ። ኣብዚ ከተማ ከኣ ንኣስታት ዓሰርተ ሽድሽተ ዓመታት እናሰራሕኩ ተቐሚጠ ኣለኹ። ኣብተን ቀዳሞት ሽድሽተ ዓመት ሓንሳእ እንዳ መጋቢት፡ እንዳ ሻሂ፡ ሓንሳእ ጸመይ እናወጻልኩ ሓወቦይ ሓዳር ምስ ገበረ ድማ ስሕት ኢለ እንዳ ሓወቦይ እናተናጠርኩ'የ ሰኳብሲ ኮይነ ኣሕሊፈዮ። እዚ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመት ግን ሰይጣን ኣይሰምዕ ንብሰይ ክኣለ ንስድራይ ኮይነ እየ። ትኻል ወዲ፡ ናይ መንግስቲ ገዛ ረኺበ ንበረት ኣጥርየ…… ኮታስ ኣብ መፉብርዩይ ዳርጋ ቀሲነ እየ። ግን ካልኣይቲ ዘይብሉ ሃገርገር ዝበል ገዛ ህይወት ሰኢነ። ዕስራን ኣርባዕተን ሰዓታት ብስራሕ ድፍእ ምስ በልኩ እየ። ምሉእ ዕላማ ህይወተይ ሃብቲ እዩ ነይሩ። ብገዝዘበ ኩሉ ዝርከብ እዩ ዝመስለኒ ዝነበረ። ኀይዩ ሰራሕ፡ ጸዓረ፡ ኣጥርዩ፡ ሃብቲ'ሞ ገዛዝበ ሐዘ ዕላማይ ሃረመ'የ። ግን ጃባይ ሃጠሩ ከሎ ወሸጠይ ገና ዘይተዓብሰ ሃጓፍ ነሮ። ኣይመላእኩን ገለ ከም ዝጎደለኒ ይርድኣኒ ነይሩ። ብገዝዘበይ ንድሌት ወሸጠይ ክረኽቦ ኣይከኣልኩን። ሰብ ከምኡ ስለ ዝበሉ ኣይተገዝኩን ዝረብሓም ዝደግም ዘለኹ። ገዝዘበይ ቁጸር ሓዳረዩ ካብ ባዶት ኣየናገፈንን። ብገዝዘበይ ክሕጎስ ኢለ ወትሩ ቀዳም፡ ኣላምብራ፡ ማለበ፡ ፖርቲቶ፡ ቤደሉል፡ ጎልደን ኔሸ፡ ጎርጉሰም………. ኣብ ኣሎ ዝበሃል ፈቖዶ ሰይታዊ ትልሂታት ናይ ባጽዕ ክኸይድ ጀሚረ ነይረ እየ። ሰተይ፡ ሳዕሰዐ፡ ኣዋልድ ሓቆፈ ይሓድር። ንንህዶ ግን እቲ ክዓብዶ ዝሓደርኩ እንተርፎ ታሪኽ ኮይኑ ክሓልፍ ሃጓፈይ ክመልእሲ ኣይከኣለን።

ፍቐራት ክርኢ ኣገዩ እየ ዝቐንእ። ፍቅሪ ዝፈንፈሂ ኮይኑ ይሰምዓኒ፡ ካብ ዓደይ ናብ ባጽዕ ቀድሚ ምምጻአይ ብሓንቲ ጓል ዓደይ ዕውንውን ኢለ ንዓኣ ክብል ጥራተይ ሓዲገ ኣብ ሩባ ይውዕል ከም ዝነበርኩ እዘከረኒ። እዚ ግን ቀልጢፉ ስለ ዝፈለየ ሃይሂይታ ምኻኑ እየ ዝኣምን። ንፍቕሪ ክፈልጦ ኢለ ይፍትን እኳ እየ፡ ከፍቅር ኢለ እኳ ይሓስብ እየ፡ ይጥምት እኳ እየ፡ ምስ ብዙሓት ሂዋናት እኳ እዘውር እየ፡ ምሾት ምሾት እኳ እምርፆ'የ፡ ግና ንልበይ ትመልኣለይ ጎርዞ ክረክብ ኣይከኣልኩን። ከመይ ዝበልዎ ደረቕ ልቢ'ዩ ዘለኒ ክፈልጥ ኣይክእልን። ፍትወት ጠሲ፡ ፍቕሪ ክወልድ ዘይክእል መኻን ማህጸን እዩ ልበይ። ብሓቂ ልበይ፡ ፍቕሪ ዘይርድኦ ደንቆሮ ወይ መሃይም ፍቕሪ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ኮይኑ እቲ ግን፡ ዕግበት ትፍጥረለይ ጓል ብዘይምርካበይ ክጼሃቅ ጀመርኩ።

"ቀርኒ ከተውጽእ ዲኻ ትጸበ ዘለኻ፣ ደቂ ወድና ክንርኢ፣ ኣንታ ወደይ ዘይትምርዖ ግዱ" ትብል ዘረባ ኣቦይ ሕሞም መርዐን ክትተሃ ካብ ትጀምር ሓጺር ኣይገበርኩን። ነዛ ዘረባ ጸለአ ስድራይ ክርኢ ዓዲ ምኻድ ዳርጋ ሓዲገዮ እየ።

"እቲ ቀድም'ስ ተመርዖ፡ ተመርዖ ይብሉኻ ከም ዝሓዳር ዘዋጽኡኻ፣ እንታይ ሐዘ እየ ክምርዖ፣ ተመርዖ፡ ተመርዖ ትብሉኒ፣ እናበልካ ተመሻኽጸልና ነይርካ። ሕጂ'ኸ እንታይ ኢኻ ክትብል ወደይ፣ ኣምላኽ ይመስገን ፈጣሪ ንዓኻ ዝሃበ ንኹሉ ይፍጠረሉ፣ ንዓ ዝወደይ ጓል ሰብ ቀሪብናልካ ኣለና ሰምዓና" እናበለት ኣደይ ትልምነኒ።

"ሕራይ ሕጂ'ስ ቀሪብ እየ" ኢለ ክምልስ ተረባሪበ። ነታ ተመርዖ ትብል ቃል እናባሃግክዋ



ጸላእኽዋ።
ወሸጠይ ምልኣት
ክሽእኑ ስድራይ መርዓ
ክበሉ ዓቕለይ ጸበበ።

መፉብርዩይ ብሸቐጥ ዝመርሕ ሰብ እዩ። ዓቕመይ ዝኾነት ደኳን'ውን ኣላትኒ። ወትሩ ዓርቢ ግና ዕዳጋ ባጽዕ ብምኻኑ ምስ ሰበይ ክሸቅጥ ኣብ ዕዳጋ ዓርቢ'የ ዝውዕል። ቀድሚ ሰለስተ ወርሒ ኣብሉ ይኸውን ብምምሕዳር ባጽዕ ናይ ዕዳጋ ዓርቢ ቦታ ክንቕይር ተሓቢርና። እንሸቅጠሉ ስፍራ'ውን ከም ብሓድሽ ተዓደልና። ከም ቀደመይ ከኣ ዓርቢ ዓርቢ እናኸድኩ ክሸቅጥ ጀመርኩ።

እታ ዕለት ኣጥዕየ ጸቡቕ ገረ እየ ዝዝክራ - 30 ሓምለ 2014። መባገድ ባጽዕ ኣላህ ወኣክበር……. እናበላ ክእዝና ምስ ሰማዕኩ'የ ከባቢ ሰዓት ሓደ ናይ ድሕሪ ቀትሪ ከም ዝኣኸለ ዝተረድኣኒ። ገዝዘበ ክእከብ ምሉእ መዓልቲ እንገራ ዝበሃል ከምዝይጠዐምኩ ትዝ በለኒ እሞ ክምሳሕ ብምባል ነታ ካብ ገዛይ ዝተማላእክዋ ስልጣንያይ ሓዘ ምስሐይ ምስከካ እናኣቋሸሹ ክምሳሕ ብምባል ናብታ ኣብ ጥቓይ ዝነበረት ግዝያዊት እንዳ ሻሂ ከይደ ንበረተይ እናኣማዕደኹ ተመሳሕኩ።

ምስ ምሉእ ሓይላ ወጺኣ ዝነበረት ብርትዕቲ ጸሓይ ባጽዕ ትክኣል ኣይነበረትን። ኣሸንኳይዶ ኣብ ጉልጎል ኣብ ቴንዳ ኣጽሊልካ ኣብ ጥዑይ ገዛ እኳ ኣይተኻእለትን። ቃጸሎ ቀትሪ የንድድ እዩ ነይሩ። ዝጉብሮ ግን ኣይነበረንን እንጀራይ ኣብ ባጽዕ'ዩ። እንታይ ደኣ ሰብኣይ ደሊኻን ጭሕሚ ጸለእካን እዩ ነገሩ። ከምቲ ዝበሃል እንተኾይኑስ ርእሲ ዓሳ ብምብላዕይ ካብ ባጽዕ ዝወጸእ'ውን ኣይመስለንን። ብዝኾነ ብዛዕባ ሓምለ እናኣማረርኩ ድሕሪ ፍርቂ ሰዓት ኣብሉ ይኸውን ተመሲሐ ናብ ቦታይ ተመለስ ኮፍ ድሕሪ ምባል፡ ንቕድመይ ቁሊሕ በልኩ። እንተኾነ ግን ኣዒንተይ ክኣልስ ኣይከኣልኩን። እታ ኣብ ቅድመይ ዝነበረት ምጭውቲ ጎርዞ ኣይፈልጣን እየ። ኣብ ቅድመይ ተኾዲማ ግን ትሸቅጥ ነይራ።
ንዋና እቲ ቦታ መሓዝኣ
ከይትኸውን ከይብል
ብዕድመ ኣዝያ
እ ያ
ትንእሱ፡
"ዝመዳ ደኣ
ከይትኸውን" ኢፈይ
ብኸፉቱ ኣድመጹ።

ኣዒንተይ ሰለም ረሰዐ ምስ ጸባቑ እታ ፍሽኽ እናበለት ሰራሓ ትሰርሕ ዝነበረት መልኣኽ ድያ ጓል ሕድርትና ገና ዘይፈለጥክዋ ጓል ተሃኒኑ ነበረ። ፍጹም እዩ ገሪሙኒ። ጨው ድፍድፍ ዝበሉ ወዱእ ጻዕዳ ዝሕብራ ጓል ሂዋን ኢያ። ኣብ ህይወተይ ምሉእ ከምዚ ዓይነት ስምዒት ተሰሚዑኒ ኣይፈልጥን እዩ - ፍርሕን ሓጎስን ኣብ ሓደ ህሞት ዝምጡ ስምዒት። ኣእምሮኻ ዝገዝእ ግን ከኣ ጥዑም፡ ልብኻ ጠልጠል ግን ከኣ…. እንድዒ ኣይርደኣንን እዩ። ሓንቲ ሓዳስ ቅድሚ ሕጂ ዘይፈልጣ ዓለም፡ ደቒቕ ኣብ ዘይመልእ ግዜ ኣብ ወሸጠይ ዝተፈጥረት ኮይኑ ይሰምዓኒ ነይሩ።

ኩሉ ነገር ሕውስውስ በለኒ፡ ጻዕዳ ጨው ዝፈሰሶ ገጻ ምስቲ መኣጢ ፍሽክታኣ ዕምቆት ስሕበቱ ሓያል። ተሃኒነ እየ ዝጥምታ ነይረ። ካብ ምሓር ምድናቕ፡ ጸባቑ እታ ጓል ምግላጹ'ዩ ኣጊሙኒ።

"ክምርዖ እንተኾይነ ምስዚኣ'የ ክምርዖ" ጉዳይ መርዓይ ምስታ ስማ እኳ ዘይፈለጥክዎ ጓል ውድእ ኣበልክዎ።

"ናይ ዓይኒ ፍቕሪ ሐዘኒ ማለት ደዩ" ናብ ኣእምሮይ ቀልጢፉ ውትፍ ዝበለኒ ሕቶ እዩ።

ከምዚ ኢለ ሃንደበት ኣብ ፍቕሪ ክወድቕ ፍጹም ትጸቢት ይኹን እምንቶ ኣይነበረንን።

"ዝመድ ድያ…. …እንታይ ድኣ እሞ ርእየያ ዘይፈልጥ፡ ኣቤት ክትጽብቕ!" ነታ ሽኮሪና ሽቃጢት ዓይነይ ተኸለ ብህርፍርፎት ጠመትክዋ።

ስርሐይ ረሲዐ ምሉእ መዓልቲ ክጥምታ ወዓልኩ። ምስ በዚሐ'ስ ግዲ ኣስተውዒላትለይ ሰሪቃ ክትጥምተኒ ጀመረት። እንተ ኣነ ግን ፍጹም ተመሲጠ ከም ስጋ ዝረኣየ ከልቢ ክልዚ ዝተረፈኒ ኣይነበረን።

ነታ ኣብ ከባቢ ሰለስተ ሜትሮ ኣብ ፊተይ ኮይና ትሸቅጥ ዝነበረት ጎርዞ ኣፈይ ሃህ ብምባሉ ክውሕጣ ደለኹ። ኣብ ዕዳጋ ዓርቢ ከም ዘለኹ ኣይዘከርኩን። ከመይ ኣቢለ እየ እሞ ክዘክር፣ ኣይ እዛ ሰራቒት ልቢ ኩለንትናይ ተቘጻጺራቶ እንድያ። ከቢበዩይ ፍጹም ረሲዐ ዓይኒ ዓይና እናጠመትኩ ከይተረድኣኒ ግይጽይጽ በልኩ። ኣዒንተይ ግዲ ዓቕላ ኣጸበብኦኣ፡ 'ኣንታ ኣኽፊእካ' ክትብለኒ ከም ዝደለየት ብኣዒንታ ክትገንሓኒ ተዓዘበትኩዋ።

"ኣንቲ እወ ኣኽፊኡ፡ ከምዚ ዓይነት ምቁር ህሞት እኳ ኣጋጢሙኒ ዘይፈልጥ። ግደፍኒ ደኣ፡ ግደፌ ኣይትግንሕኒ" ወሸጠይ ዝበሎ ዝበረ እዩ።

"ኢሂ ሓወይ ደሓን ዲኻ" ሃንደበት ዘይተጸበኽዋ ሕቶ ብጥሪኣ ሰንደወትለይ። ኣብቲ ፈለማ ንኻልእ መሰሉኒ ንድሕሪት ጠሚተ ሰቕ በልኩ። ብወሸጠይ ግን እንታይ ከም ዝኾንኩ ተረቢሸኩ። ልበይ ዕጽፊ እናሃረመት ሃወጸትኒ።

"ኣንታ ንዓኻ እንደዩ፡ እንታይ እዩ ጸገምካ" እታ ብግምተይ ዓሰርተ ትሽዓተ ዘይትመልእ ጎርዞ ንዓይ ንወዲ ሰላሳን ኣርባዕተን ጎበዝ ሃደደትኒ።

"ንዓይ ዲኺ……!" ናይ ብልበይ እየ ፈሪሐየ።

"ንመን ደኣ፡ እወ ንዓኻ፡ እንታይ ኢኻ ትም ኢልካ ትጥምተኒ"

"ወይለየኸ ተጠማቲት ጌሩ ፈጢሩኺ ጓለይ።" ክስሕቕ እናፈተንኩ መለስኩ። ናይቲ ኣብ ባጽዕ ነዊሕ ዓመታት ዝተቐመጥክዎ ኣነ'ውን ተዛራባይ ኮይነ እምበር ናይ ብሓቂ'የ ተሸቐሪረ። ዘረብኣ ገለ ራዕዲ ፈጢሩለይ ነበረ።

ይቕጽል

# ማዕርነት ደርዒ ንዞብሪ ልምዓት!

ዳህላክ ነጋሲ

"ማዕርነት ደርዒ ንዞብሪ ልምዓት!" ኣብ ትሕተ፡ ዝብል ቴማ ኣብ ሃገርና ንመበል 37 ግዜኡ ዝተኸበረ ናይ ሎሚ ዘበን ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ፡ ንተራን ኣበርክቶን ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ዘንጸብርቑ ዝተፋላለዩ መደባት ዝሓቖፈ'ዩ ነይሩ።

ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ብደረጃ ሃገር



ወይዘሮ ኣለም በላይ

ዝተጌብረ ዝኽሪ ናይቲ በዓል፡ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ሓለፍቲ ሃገራውያን ማሕበራት፡ ዲፕሎማሲያውያን ሰራሕተኛታትን ዕዱማት ኣጋይሽን፡ ብዓብኡ ድማ ብዙሓት ደቀንስትዮ ዝተረኽብሉ ውዕውዕ ስነስርዓት እዩ ነይሩ።

ኣብቲ ዝኽሪ ኣደ መንበር ሃ.ማ.ደ.ኤ. ዞባ ማእከል ወይዘሮ ኣለም በላይ ኣብ ዘስመዐቶ መደረ፡ ናይ ሎሚ ዓመት 8 መጋቢት፡ ሃገርና ድሕሪ ነዊሕን መሪርን ቃልስን ከቢድ መስዋእትን ንዝተጓናጸፈቶ ናጽነት፡ መበል 25 ዓመቱ - ብሩራዊ እየበልዩኡ ንምጽምባል ኣብ እትሸባሸበሉ ዘላ እዋን፡ ኣብ ፍሉይ መድረኽ ደቢዓ ምህላዉ፡ ዝያዳ ድምቀት ከምዝለዎ ጠቒሳ፡ ትምህርቲ መሰረት ኩሉ ምዕባለ ስለዝኾነ፡ ደቀንስትዮ ኤርትራ ድሕሪ ናጽነት ዝተፈላለዩ ትምህርትን ሞያዊ ክእለትን እናቐሰማ ተሳቲፎአን ኣብ ኩሉ ጽላታት እናኣረጋገጻ ከመጻ ምጽንሐን ኣረዲኣ። ተኹዳፍም ዘለዋ ሃገራውያን ሕግታት፡ ማሰል ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ልዕሊ ዝፍጸሙ ተርእዮታት፡ ተረር ስጉምቲ ክወስዱ ዝኽእሉ ምዃኖም፡ ኣብ ሕጊ ስድራቤት ንዝተኣታተወ ናይ ማሰል ዋንነት ለውጢ ከም ኣብነት ዘመልከተት ወይዘሮ ኣለም፡ እዚ ሓድሽ ሕግታት ንደቀንስትዮ ኤርትራ ውሕስ ደርዒ ኩይኑወን ጥራይ ዘይኮነ ቀንዲ ተግባርቲ ገይሩወን ከምዘርኣየ ሓቢራ። "ስር በዝኾነ ዕቤት ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ካብ ጊዜ ናብ ግዜ እናተኸሰበ ይኸይድ ምህላዉ፡ ካብቲ ዝሕለፍን ቅያታት ልምዓት ሓደ እዩ" ድማ ኢላ።

ኣማሓዳሪ ዞባ ማእከል ሜጀር ጀነራል ሮሞዳን ዐስማን ኣወልያይ ኣብ ዘስምዖ ኑቲ ዕለት ዝምልከት ቃል ከኣ፡ "ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ተዋጊኣ ዘዋግአት ስለዝኾነት፡ ኣብ ምምጻእ ናጽነት ልዑል እጃም ከም ዝበረ ታሪኽና ህያው ምስክር'ዩ። ህዝባዊ ግንባር፡ እጃም ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ምዕዋት ሰውራ ልዑል ምንባሩ ብምግንዛብ፡ ንማሰል ደቀንስትዮ ዝጣበቕ ዝተፈላለየ ሕግታትን ፖሊሲታትን ብምውጻእ ይሰርሓሉ ምንባሩ፡ ድሕሪ ናጽነት'ውን እንተኾነ ናይ ትምህርቲ ዕድል ዝረኽብሉ ባይታ ንምጥጣሕ ይሰርሕ ከም ዘሎ ኩላትን ንፈልጦ እዩ። ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ ዝራኣዩ ድሑራት ኣተሓሳስባታትን ባህልን ልምድን ክውገዱ ግን ጻዕርታትና ክሕይል ይግባእ" ኢሉ።

ሃገራዊ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ማሰል ደቀንስትዮ ዝወጽኦም ሕግታትን ፖሊሲታት ኣብ ሕብረተ-ሰብ ንምስራጽን ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ጉዳይ ማዕርነት ንዕቢዩን ላዕለዋይ እጃምን ሓላፍነትን ዘለዎ ማሕበር'ዩ። ከምኡ ስለዝኾነ፡ ሃ.ማ.ደ.ኤ. ዞባ ማእከል ካብ 2008 ጀሚሩ ምስ ዝተፈላለዩ ሚኒስትሪታት ብምትሕብባር፡ ተማሃሮ ደቀንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ክሕይላ ኣብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ጉስንስ ክካየድ ጸኒሑ'ዩ። እቲ ዝዋሃብ ሓበሬታ ንክልቲኡ ጾታ ዝውክልን ኣብ ከተማታት ከይተሓጽረ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ዝበጽሕን ከምዝኾነውን ኮይኑ ድማ'ዩ ክካየድ ጸኒሑ።

ሓላፊ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተማሃሮን ኤርትራ ዞባ ማእከል መንእሰይ ሳምሶን ክፍለ ኣብ ዘቕረቦ ናይ ደገፍ መልእኽቱ፡ ድማ፡ ጉዳይ ደቀንስትዮ ዓቢ ማሕበራዊ ሕቶ ምዃኑ ብምምልካት፡ ማሕበሩ ኩሉ ውዳቤታቱ ብምሕያል፡ ንደቀንስትዮ ዝዕንቅጽ ኩሉ ድሑር ባህሊን ልምድን ምውጋድ ከም ኣካል ናይቲ ስሩዕ ንጥፈታቱ ወሲዱ ከምዝሰርሓሉ ኣረዲኡ።

ብኢጋጣሚ ናይቲ በዓል፡ ሃማደኤ ዞባ ማእከል ካብ 16 ንኡሳን ዞባታት ዞባ ማእከል ንዝተዋጽኡ፡ ኣብ መልቀቒ ፈተናታት ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ልዑል ነጥቢ ዘምጽኣ 566 ተማሃሮ ደቀንስትዮ፡ መተባብዒ ሽልማት ሂቡ። ዕወታት ተማሃሮ፡ ኣብዚ ዘለናዮ ናይ ቴክኖሎጂ ዘመን፡ ትምህርቲ ቀንዲ ረቛሒ ምዃኑ ተገንዚበን ንክደፋኣሉን፡ መንእሰያት ተማሃሮ ልዑል ፍልጠት ቀሲመን ዕቑር ዓቕመን ተጠቒመን ህይወተን ብግቡእ ክመርሓን ዝድርኽ ድማ'ዩ ነይሩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ካብኡ ናብኡ ዝለዓለ ነጥቢ ዘመዝገባ 30 ብሉጻት ተማሃሮ፡ ዝተፈላለየ መጽሓፍትን መዝገበ ቃላትን ካብ ዝተፈላለዩ ላዕለዎት ሓለፍቲ ተቐቢለን። ኣብቲ ኢጋጣሚ፡ ቁጽሪ ዕወታት ተማሃሮ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናወሰኸ ይኸይድ ምህላዉ፡ ወጽኢትን መርኣያን ናይቲ ልዑል ተሳትፎ ደቀንስትዮ

ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ከምዘሀሉ ንምግባር ዝተኻየደን ዝካየድ ዘሎን ሓያል ቃልስን ከቢድ ወፍርን ምዃኑ ተጠቒሱ።

ኣብቲ በዓል ዝተሳተፈት ኣባል ባይቶ ሃ.ማ.ደ.ኤ. ሜጀር ኣዜጋሽ ጸጋይ "ብቐዓት ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ክልተ ገጽ፡ ማለት ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልስን ድሕሪ ናጽነትን ክንርእዮ ከለና፡ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ፡ ህዝባዊ ግንባር ንደቀንስትዮ ናጻ ኩይነን ንኽሰርሓ ጥጡሕ ባይታ ፈጢሩለን'ዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ብማዕረ ኣብ ቃልሲ ብምስታፍ፡ ኣብ ምምጻእ ናጽነት እጃመን ኣበርኪተን'የን። እዚን ኣብዚ እዋን'ዚ ዘለዋ መንእሰያት ደቀንስትዮ ድማ ንናጽነት ብሕድሪ ተቐቢለን ምስ ተክኖሎጂ ተዋሂደን ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ ይመሃራ ኣለዋ። ስለዚ፡ እቲ ፍልልይ፡ እተን ኣብ ግዜ ሰውራ ዝበርና፡ ናጽነት ምምንጻእ'ዩ ነይሩ ዕላማና። እዚን ሓደሽ ወለዶ ግን ዕማመን ንኤርትራ ምምዕባል'ዩ" ድሕሪ ምባል፡ ንቐሓት ሕብረተሰብና ኣብ'ዚ ግዜ ኣብ ደሓን ደረጃ ከም ዘሎ፡ ከም መርኣያኡ ድማ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ደቀንስትዮ ሃገርና ኣብ ከተማን ገጠርን ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሒ ክሰርሓ ከም ዝበቕዓ ገሊጻ።

ተማሃሪት ራሂዋ ኣንጎሶም ኣብ ቤት ትምህርቲ ደብረ ጽዮን ቅድስቲ ማርያም ናይ ታሽዓይ ክፍሊ ትምህርታ ተኸታቲላ ኣብ መልቀቒ ፈተና 99 ማእታዊት ነጥቢ ብምምጻእ ኣብቲ ዕለት'ቲ ካብ'ተን ዝተሸለማ ዕወታት ተማሃሮ ክትከውን ዝበቕዐት'ያ። ንሳ፡ "ኣብዚ ክቡር በዓል ሽልማት ክወስድ ምብቃዐይ፡ ንዓይ ዓቢ ሓጎስ'ዩ። ንልና ሽልማት ዝተዓደልና ደቀንስትዮ ድማ ዓቢ መተባብዒ'ዩ" ትብል።

ኑቲ ዕለት ንምምዕራግ፡ ብመንእሰያት ተማሃሮ ዝተዳለወ ዝተፈፋላለየ ናይ ማዛናዊ መደባት - ድራማታት፡ ግጥምታትን ደርፍታትን ቀሪቦም ነይሮም።

ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ



ሜጀር ኣዜጋሽ ጸጋይ

ብደረጃ ዓለም ንመበል 108 ግዜኡ እዩ ተዘኪሩ ወዒሉ።



ካብ 5ይ ገጽ ዝቐጸለ

## "ፍርሒ ኣብ...

- ኣካላዊ ዕዮታት ወይ ምንቅስቓስ ኣዘውትር። ኣካላዊ ምንቅስቓስ ንጭዋዳታትካ ብምትራር፡ ጸቕጢ ዘጉድል ፍቱን መድሃኒት እዩ።

- ኣመጋግባ፡ ኣብ ንጥፈታት ኣእምሮ ዓቢ ጽልዋ ስለ ዘለዎ፡ ብስሩዕ ተመገብ፡ እኹል ዕረፍቲ ወሲድ።

- ዘጨንቑኻ ሰባት፡ ካብ ጥቓኻ ኣርሕቆም።

- ፍርሕኻ ካብ ምንታይ ከም ዝቅል ሕሰብ። "ፍርሐይ ስሩመንታዊ ወይ ክውንነታዊ ኣይኮነን" ክትብል እንተ ክኢልካ፡ ንኽትቃለሶ ክቐልልካ እዩ።

- ናብ ፈተና ብኡጋ ብምምጻእ ተዛሪኻ ተጸበ፡ ፍርሒ ወይ ጸቕጢ እንተ ተሰሚዑካ፡ ሓንሳብ ኣቋሪጽካ፡ ኣዒንትኻ ከዲንካ፡ ኣዕሚቕካ ኣስተንፍስ። ኣቓዲምካ ንዘቐለልካ ሕቶታት ስራሕ። ኣብ ዘበርትዓካ ሕቶ ተሸኺልካ ግዜኻ ኣይተጥፍእ፡ ኣእምሮኻ ኣይተድክም።

ብዝዕባ ኣየናይ ዓውዲ ከም እትመርጽ፡ ብዝያዳ ንስኻ ስለ እትፈልጦ፡ ንተወህቦኻ ዝምጥኑኻን ፊቲኻ ክትመርጽ ከም ዝግባእ ንሕብረካ። ባህ እናበለካ ወይ ከይተጸገምካ ክትወስዶ ዝጸናሕካ ዓይነት ትምህርቲ ምረጽ። ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሰባት ብዘመርጹዎ፡ ወይ ድማ ብዙሓት ስለ ዝኣተውዎ፡ ብእኡ ተጸሊኻ ከይትመርጽ ተጠንቀቕ። ኣብ እትመርጾ ዓውዲ፡ መምህራንካ ዓቢ ምኽሪ ክህቡኻ ስለ ዝኽእሉ ተወከሶም። መምህርትኻ እውን ኣብ ኣየናይ ዓውዲ ሓያል ከም ዝኾንካ ገለ ኣመት ክህቡኻ ስለ ዝኽእሉ፡ ማዕዳኦም ተቐበል። ምስ ናትካ ድልየትን ትዕዝብትን ኣወሃሂድካ ከኣ ምረጽ።



# ንእፎልጦ

ሳሙኤል ገብረብርሃን

## ሓይሊ ፍቓድ + ርእሰ ምግታእ = ዕወት ሰብ

ንጹር ዕላማ ሒዙን ተጻጊሱን ኣብ ቁምነገር ንዝበጽሐ ሰብ ዘደድንቖ ኣሎ ክትብል ኣሸጋሪ እዩ። ኣብ ከምዚ ደረጃ ዝበጽሐ እሞ እነድንቖ ሰብ፡ ንዝለዎ ጥሙሕ ናብ ክውንነት ዝቕይርን ንሓይሊ ፍቓዱ ብመገዲ ዕላማኡ ዘማእዝን ዓይነት ሰብ እዩ። ስለዚ፡ ግድላት ሂወቱ ዝፈትሕ፡ በብእዋኑ ሓደሽ ክእለት ዘጥሪ ወይ ኣብ ዝሓዞ ሞያ ክእለቱ ዘሰስን፡ ንምንባር ብጠበቕ ሜላታት ዝጥቀም፡ ሕልናኡ ዘዕርብ - ኮታስ ንህይወቱ ብብዙሕ መዳያት ዘመሓይሽ እዩ።

እቲ ኣብ ዕላማኡ 'ሓያል' ዝበሃል ሰብ ከመይ ኣብሉ'ዩ ከምኡ ዝኾነ? ሓያል ኩይኑ ስለዝተፈጥረ ድዩ ሓያልን በዓል ዕላማን ኩይኑ ዝነብር? ኣይፋሉን። ዝኾነ ይኹን ሰብ ንሓይሊ ፍቓዱ (Will Power) ብግቡእ ምስ ዝምዝምዞ፡ ሓያል ዕላማ ሒዙ'ውን ምእንቲ ዕላማኡ ንዥኡ-ርእሱ ምስ ዝቶትእ (Self Discipline)፡ ኣብ ዕላማኡ ክበጽሕ ከምዝኽእል ብዙሓት ናይ ስነ-ልቦና ምሁራትን ናይ ሓያለይ ዕወታት ሰባት ተሞክሮን ዘምስክሮ ሓቂ እዩ።

እዞም ክልተ ተጋራጨውቲ ዝመስሉ ግን ከኣ ሚዛኖም ከም ዝሕልዉ ጌርና ኣብ ዓወት ክንበጽሓሎም እንኽእል ገጽታ ናይ ሓይሊ ምሕላኑ ብምዕሪ ዓቕሚ ኣብ ነብሲ ወከፍና ዝርከቡ ውሽጣዊ ሓይሊ ወዲ ሰብ እዮም።

ከም ዝኾነ ተማሂርና እዮርዮ ክእለት፡ ንሓይሊ ፍቓድናን ርእሰኻ ናይ ምግታእ ዓቕምናን ብዝተፈላለዩ መገድታት ከምዝዕበሎ ንኽእል ኢና። ከምዚ ኩይኑ ከበቅዕ ግን፡ ውሑዳት ሰባት ጥራይ ኢና ነዚ ሓቂ'ዚ ነተኩረሉ።

### ንምኳኑ ሓይሊ ፍቓድ እንታይ እዩ?

ሓይሊ ፍቓድ፡ ናይ ምውሳንን ስጉምቲ ናይ ምውሳድን ድርኺትና ዝመልኽ ድጉል ሓይሊ እዩ። ካብ ውሽጥናን ካብ ደገን ብዝዕባ ዝመጽእ ፅንቅፋታት ብዘዋገድሲ ንዕላማታትና ኣብ ናይ መወዳእታ ሸቶኣም ከይበጽሑምን ክንሰርሕን የኽእለና። ካብ ትህኪትን ኣሉታዊ ልምድታትን የላግለና። ከንትግዝብርም ዝወጠንናዮም ነገራት ኣደኪሙቲ ዘይለመድናዮም ወይ ንምትግባርም ዘጸልኡናኺ እንተኾኑ፡ ሓይሊ ፍቓድና ምንጪ ዓቕሚ ናይ ምሕላንና ኩይኑ ንኽንሰርሕ ይደፋፍኣና።

### ርእስኻ ምግታእከ እንታይ እዩ?

ርእሰኻ ምግታእ፡ ምእንቲ እቲ ድሒርና እንረኽቦ ሓጎስ ኢልና ንግዚያዊ ተድላታትን ነዊሕ ንዘይጸንሕ ሓጎስን እንዘጽገሉ ናይ ውሽጢ ዓቕሚ እዩ። እዚ ውሽጣዊ ናይ ምሕላን ዓቕሚ'ዚ፡ ናይ ምምሕያሽን ዓወትን ናብ ዝመርሑ ተግባራት፡ ሓሳባትን ጠባያትን ናይ ምስትብሃል ዝምባለ የሰርሓልና። ስምዒትና፡ ኣእምሮና፡ መንፈስናን ኣካላትናን ተገዚኦቲ ናደዚ እወታዊ ውሽጣዊ መሳኺ ሓይሊ እዮም።

ርእሰኻ ገቲእካ ምንባር ማለት፡ ቀይድታት ዝጠዘሕዎ ህይወት ምምራሕ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ጸቢብ ኣተሓሳስባ ንዝነብሩን፡ ግዳማውያን ሕግታት ንኽኽብሩ ንህይወቶም ኣሰርሖ ዝነብሩን ሰባት፡ "ገታእቲ ነብሶም እዮም" ኢልካ ምዝራብ ዘተኣማምን ከይከውን ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ፡ ርእሰኻ ምግታእ ዕላማ ምህላው'ዩ መሰረቱ። ዓንዲ ማእከልን ዓወትን ሓይሊ ተግባራውነትን ከኣ እዩ። ምሉእ ብምሉእ ክሱብ እንዕወት ናብ ዕላማታትና ከተኩር፡ ንኹሉ ውሽጣዊ ድርኺትና ናብ ዕላማታትና ገጹ ዘማእዝን እዚ ሓይሊ እዩ።

ርእሰኻ ምግታእን ሓይሊ ፍቓድን መዓልታዊ ንእንወስዶም ስጉምትታትን ውሳኔታትን ረቛሕቲ እዮም። ኣብ ህይወትና ወሰንቲ ዝኾኑ ዓበይቲ ውሳኔታት ኣብ እንወስደሉ ግዜ እውን ከምኡ። ጽፉፍ ስራሕ ኣብ ምስራሕ፡ ተማሃራይ እንተኾንካ ኣብ መጽናዕቲ፡ ትካል ኣብ ምምራሕ፡ ሚዛን ኣካላትካ ኣብ ምሕላው፡ ምስ ሰባት ጽቡቕ ዝምድና ኣብ ምጥራይን ምዕቃቡን፡ ባህሪኻ ኣብ ምምሕያሽ፡ ኣብ ምስትንታን፡ ንሞራላዊ ዕቤት፡ መጽናዕቲታትና ኣብ ምትግባር... ሐደት ካብቶም ነኣሽቱን ዓበይትን ክተኩረሎም እንኽእል ዕላማታት እዮም። ኩሎም እዞም ዕላማታት እዚኣቶም ክንዕወተሎም እንተኾይና ድማ ርእሰኻ ምግታእን ሓይሊ ፍቓድና ምሕያልን የድልየና። ሓደ ካብቶም ክልተ ውሽጣውያን ሓይልታት እንተሓይለሉ መጉዳ፡ ኣድላይቲ ንዘይኮኑ ድልየታት ገዚኡ-ርእስና ካብ ምርዋይ ምቝጣብ እዩ። ዝኾነ ይኹን ሰብ፡ መወዳእታ ንዘይብሎም ድልየታት ውሽጡ ናይ ምርዋይ ድርኺት ኣለዎ። ብዙሓት ውሽጣውያን ድሌታትና ናብ ጽቡቕ መጻኢ ዝመርሑናን ንዕላማታትና ዝድግፉን ስለዘይኮኑ ግን፡ መመሓዝንቲ ክኾነና ይግብኣና።

ይኹነልና እስከ!!

# እወታዊ ኣመለኻኽታ




ርትዓዊ ብዘኾነ ዋጋ ባሉን (ሰብ ሰርሖ ፍሕኛ) እናሸጠ ሂወቱ ዝመርሕ ሰብኣይ ነበረ። ዝተፈላለየ ሕብርታት ዘለዎ ባሉን ከኣ'ዩ ዝሸይጥ ዝነበረ። ሓደ እዋን፡ ዕዳጋ ዝሕልሕል ምስ በሎ፡ ሄልየም (ፈኲስ ሕብረ-ልቦ ዘይቃጸል ጋዝ) ብምምላእ ባሉን ናብ ሰማይ ገጹ ከደርብ ጀመረ። ላዕሊ-ላዕሊ ጸቡቕ ክንሳፈፍ ዝረኣዩ ቈልዑ ድማ ተመሰሪጦም ክዕድጉ ተወናወኑ። ብኽምዚ ከኣ ዕዳጋኡ ናብ ዝሓሸ ከበርኾ ከኣለ። ሓደ መዓልቲ፡ ሓደ ቈልዓ፡ "ጸላም ባሉንከ ልክዕ ብኽምዚ ኣገዚብ ክትበርር ትኽእል ማለት ድዩ?" ክብል ተወከሶ'ሞ፡ እቲ ሰብኣይ፡ "ዘወደይ ንባሉን ሕብሪ ዘይኮኑ፡ እቲ ኣብ ውሽጣ ዘሎ እዩ ንላዕሊ ከም እትብል ዝገብራ" ክብል መለሰሉ ይብሃል።

ተመሳሳሊ ኩነታት እዩ ኣብ ሂወትና'ውን ተግባራዊ ዝኾነው። ኣብ ውሽጥና ዘሎ'ዩ እቲ ትርጉም ዘለዎ ነገር። እቲ ኣብ ውሽጥና ኩይኑ ላዕሊ ገጽና ከምእንበርኽ ዝገብረና ነገር ከኣ፡ ኣመለኻኽታና እዩ። ስለምንታይ እዮም ገለ ሰባት ዓወት ብዩወት ዝኾኑ ኣልና ንግረም ንኸውን። ዘገርም ወይ ምስጢር ግን ኣይኮነን። እዞም ሰባት እዚኦቶም፡ ክዉን ነገራት ስለዝሓሰቡን ዝፍጽሙን እዮም ዕውታት ዝኾኑ። ኣብቲ ኣዝዩ ዝኸበረ ጼጋ - ወዲ ሰብ - ዕወት ወፍሪ ስለዝገብሩ ከኣ። ከምቲ ዝበሃል እውን ዓወት ውልቀሰብ ኣብ ዓይነት ዝፈልጦም ሰባት እዩ ዝምርኮሱ። ዊልያም ጀምስ ዝተባህለ ምሁር ከምዝገለጾ፡ ኣመለኻኽታና ብምቕያር ጥራይ'ውን ሂወትና ክንልውጥ ንኽእል ኢና።

ኣብ ሃርቫርድ ዩኒቨርሲቲ ዝተኻየደ ሓደ መጽናዕቲ ከምዝመልከቶ፡ ዝኾነ ሰብ ስራሕ ኣብ ዝቖጸረሉ እዋን 85% ብኣመለኻኽታኡ ክኸውን እንከሎ፡ 15% ጥራይ'ዩ ንዝፈልጦን ብልሓቱን ግምት ዝወሃቦ። እዚ ከኣ ኣብ ሂወት ወዲ-ሰብ ኣመለኻኽታ ማዕረ ክንደይ ኣገዳሲ ብኢታ ምኻኑ እዩ ዘብርሃልና። ድሓር ከኣ'ኒ፡ ኣመለኻኽታ ኣብ ዝኾነ ጽላት ናይ ሂወትና - ውልቃዊ ይኹን ሞያዊ - እዩ ዘድልየና። ንኣብነት፡ ጋዜጠኛ፡ ብዘይ እወታዊ ኣመለኻኽታ ንፉዕ ጋዜጠኛ ክኸውን ይኽእል ድዩ? ተማሃራይ ከኣ ብዘይ እወታዊ ኣመለኻኽታ በርቂ ተማሃራይ ክኸውን ይኽእል ድዩ? ወላዲ፡ መምህር፡ ሰብ-ጥበባዊ፡ ኣሰራሒ፡ ሰራሕተኛ ኣብ ዓውዱ ብዘይ እወታዊ ኣመለኻኽታ ውጹኢታዊ ክኸውን ንጸበ ዲና? ፈጺሙ ዘይሕሰብ እዩ። ስለዚ፡ ንሕና'ውን ኣብ ዝኾነ ዓውደ ስራሕ ወይ ትምህርቲ ንዘሎ ብዘዋገድሲ ካብ ዘለናዮ ንላዕሊ ክንበርኽ እንተደኣ ኳይናን ዓወት ክንሳጎጸፍ እንተደሊናን እቲ መሰረት ኣመልኻኽታና ምኻኑ ክንፈልጥ ይግባእ። እወታዊ ኣመለኻኽታ ዘለዎ ሰብ ማለት ድማ፡ ተጉዳእነትን ተኣማንነትን ዘለዎ፡ ዕገሰን ትሑትን ማለት እዩ። ኣብ ገዛእ ርእሱን ካልኦትን ከኣ ልዑል ትጽቢታት ዘሕድር፡ እወታዊ ወጽኢት ዝጽበን ኣብ ኩሉ ወቕትታት ፍረ ዝሀብን ከኣ እዩ። ካብዚ ሓሊፉ'ውን፡ እወታዊ ኣመለኻኽታ ምህላው፡ ብዙሕን ብቐሊሉ ኣብ ቅድሚ ካልኦት ክሰርዓና ዝኽእልን ረብሓታት ኣለዎ። ገለ ንምጥቃስ–

- እቶታውነት የዕብይ
- ናይ ሓባር ስራሕ ወይ ምድግጋፍ የሕድር
- ሽግራት ይፈትሕ
- ዓይነት የማሓይሽ
- እምነት የራብሕ
- መኽሰብ የዕብይ...ወዘተ

# ውቅያኖሳት ንምንታይ እዮም ዝጠቕሙ?

ውቅያኖሳት ብብዙሕ መገድታት ብህይወት ንምንባር ዘድሊ ነገራት የማልእ እዩ። ንኣብነት፡ ማይ ሙቐት ናይ ምዕቃብ ክእለት ኣለዎ። ስለዚ ድማ ውቅያኖሳት ከም ሓደ ዓብዪ መዕቈሪ ሙቐት ብምኻኖም ኣብ ቊራሪ ወርሓት ዝሀሉ ዛሕሊ የመጣጥኖ።

ማይ ብኻልእ መገዲ እውን ብህይወት ንምጽናሕ የኽእል እዩ። ካብ ዝኾነ ይኹን ፈሳሲ ንላዕሊ፡ ሓያሎ ንጥረ-ነገራት የሕቕቕ እዩ። መሰረሕ ህይወት ብኬሚካላዊ ወህደታት ስለ ዝቖጽል፡ እቲ ዝወሃሃድ ንጥረ-ነገራት ንምሕቃቕን ንዝተናኸፉ ንምግባርን ማይ ኣገዳሲ ግደ ኣለዎ። መብዝሕትኡ ኣብ ህያው ኣካል ዝርከብ ኬሚካላዊ ወህዱ፡ ማይ ኣለዎ። ዘ ሲ (ባሕሪ) ዝርእስታ መጽሓፍ "ኩሉ ዓይነት ህይወት ማይ የድልዮ እዩ። ነዚ ማይ እዚ ድማ እቲ ኣብ ምድሪ ዝነብር ኣትክልትን እንስሳታትን እውን ከይተረፈ፡ ዘይሩ ዘይሩ ካብ ውቅያኖሳት እዩ ዝረኽቦ" ትብል።

ውቅያኖሳት ንዝዋህው ኣብ ምጽራይ ኣገዳሲ ግደ ኣለዎ። ኣብ ውቅያኖስ ዝርከብ ፕላንክቶን ዝበሃል ደቃቕቲ ኣትክልቲ፡ ካርቦን ዳይኦክሳይድ ብምስሓብ ኦክስጅን ይሁቡ። ብመሰረት ሓደ መጽናዕቲ "ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት 70 ሚእታዊት እቲ ናብ ሃዋህው ዝወሰኽ ኦክስጅን ካብቲ ኣብ ውቅያኖስ ዝርከብ ፕላንክቶን'ዩ ዝመጽእ።"

ውቅያኖሳት ሕሞማት ንምፍዋስ ዘድሊ ተፈጥሮኣዊ መድሃኒት ይሁብ እዩ። ንሓያሎ ዘመናት ካብ ዓሳ ብዝርከብ ነገራት ጌርካ መድሃኒት ክስራሕ ጸኒሑ ኣሎ። ካብ ጸላም ከብዲ ሓደ ዓይነት ዓሳ ዝርከብ ዘይቲ ንነዊሕ ግዜ ኣገልጊሉ እዩ። ኣብዚ ቐረባ ግዜ ከኣ ካብ ዓሳን ካልእ ፍጥረታት ባሕርን ዝርከብ ከሚካላት ንሕማም ኣዝማ ንምሕካም፡ ካብ እተፈላለየ ዓይነት ቫይረስን መንሽሮን ድማ ንምክልኻል የገልግል ኣሎ።

ካብ ውቅያኖሳት ዝርከብ ጥቕሚ ክሰዕ ክንደይ ምኻኑ ንምምጓት ጻዕርታት ተገይሩ ነይሩ። ብንጹር ክንድ'ዚ ክበሃል ዘይከኣል እኳ እንተኾኑ፡ ተመራመርቲ ንቲ ናይ ምሉእ ዓለምና ማሕበረሰብን ኣከባቢኡን ዘድሊ ነገራት ዳርጋ ክልተ ሰሶ ኣብሉ ዝኾነው ካብ ውቅያኖሳት ከም ዝርከብ ይግምቱ። ወይ ጉድ!!



# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com

## እንታይ ከ ይስማዕ ኣሎ?

+ ኣርጀንቲናዊ ኣጥቃዒ ክለብ ማንቸስተር ሲቲ - ሰርጆ ኣጕዌሮ፡ ምስታ እንግሊዛዊት ክለብ ዘለዎ ውዕል ኣብ ዘብቅዓሉ ኳብታ ጋንታ ክፋኖ ምውሳኑ ኣፍሊጡ። ክሳብ 2018/19 ኣብ ሜዳ ኢትሓድ ዘጽንሕ ውዕል ዘለዎ ኣጕዌሮ፡ ኣብ 2011 ካብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ናብ ሲቲ ምስግጋሩ ይዝከር። ክሳብ ለይቲ ሎሚ ድማ ንሲቲ ዘበርከተላ ሸቶታት 128 ይቑጽር። ክልተ ግዜ ጽዋእ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ዘልዓለ ኣጕዌሮ፡ ናብታ ዘዕበዮቶ ቀዳመይቲ ክለቡ ኢንደፐንደንት ክምለስ ምምዳቡን ኣብታ ክለብ ድማ ጫማኡ ክሰቅል ከምዝብህግን ብንጹር ኣፍሊጡ። ምንጪ - ቢቢሲ

+ ሆሴ ሞሪኖ፡ ዝመጽእ ሓምለ ስራሕ ምዕላም ከምዝጀምር ምስ ቢቲ ስፖርት ዝተባህለት ማዕከን ዜና ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕትት ተዛሪቡ። እቲ ወዲ 53 ዓመት ዓላሚ ነበር፡ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ብክለብ ቸልሲ ድሕሪ ምብራሩ ክሳብ ሕጂ ዘወን ይብል ምህላው ይፍለጥ። ስርሑ ንኺጀምር ንጹር ግዜ ዝሃበ ሞሪኖ፡ ምስ ኣየናይቲ ክለብ ከምዝሰርሕ ብንጹር ኣየፍለጠን። ሓያለ ወገናት፡ ሞሪኖ ንቦታ ቫን ሃል ተኪኡ ንማን ዩናይትድ ከምዝዕልም ኣፎም መሊኦም ይዛረቡ። ምንጪ - ማንቸስተር ኢቭኒን

+ ካብ ውድድር ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ወጺኢ ዝኾነትን ኣብ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ድማ ዓስራይ ደረጃ እትርከበን ቸልሲ፡ ዝመጽእ ዓመት ስፖርት ኣብ ውድድር ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ምስ ዘይትህሉ፡ ንትሽዓተ ስሙያት ተጻወትታ ናይ ምሻጥ ተኽእሎ ከምዝለዋ ተሓቢሩ። ኤዲን ሃዛርድ፡ ኦስካርን ዲያጎ ኮስታን ገለ ካብቶም ነታ ጋንታ ክሓድግዋ ዝኽእሉ ተጻወትቲ ምዃኖም ይግለጽ። ምንጪ - ኤክስፕረስ

+ ወዲ 27 ዓመት ለዋንዶውስኪ ከምኡ ድማ ናይ ጁቬንቱስ ኣጥቃዒ ኣልቫሮ ሞራታ፡ ኣብ ራዳር ክለብ ሪያል ማድሪድ ካብ ዝኣትው ነዊሕ ኮይኑ ኣሎ። እቶም ኣጥቃዕቲ፡ ናብ ማድሪድ ንኽጓዕዙ ድማ ህላወ ክርስትያኖ ሮናልዶ ኣብ ሜዳ በርናቡ ከምዝይደልዩ ይንገር። በዚ ድማ እታ ክለብ ነቶም ተጻወትቲ ናይ ምፍራም መደብ ምስ እተንቅድ ኣቐዲማ ንሮናልዶ ኩተፋንዎ ከምእትግደድ ተሓቢሩ። ምንጪ - ስፖርት

+ ተጻዋታይ ባርሳ ማርክ ባርትራ ኣብ ክረምቲ ናብ ካልእ ክለብ ክሰጋገር ከምዝኽእል ክለቡ ኣፍሊጣ። እቲ ወዲ 25 ዓመት ተጻዋታይ ብክለባት ማን ዩናይትድን ቶተንሃምን ይህደን ምህላው ይግለጽ። እስጳኛዊ ባርትራ፡ 10 ሚልዮን ፓውንድ ይትመን። ምንጪ - ሳን

+ ናይጀርያዊ ኮተቴ ከለቲ ንዋካሊ ምስ ኣርሰናል ንሓሙሽተ ዓመታት ክጻወት ኪታሙ ምንባሩ ኣፍሊጡ። ምንጪ - ኦል ናይጀርያ ሶከር

+ ኣሰልጣኒ ክለብ ሌስተር - ክላውድ ራኒራ፡ ንተሓጋገዝቱ ክሬክ ሼክስፒርን ስቲቭ ዋልሽን ውዕሎም ከናውሑ ይደፋፍኦም ከምዘሎ ተሓቢሩ። ናይ ክልቲኦም ውዕል ኣብ 2017 ኩብቅዕ እዩ። ምንጪ - ሌስተር ሜርኩሪ

+ ዝመጽእ ክረምቲ ዓላሚ ክለብ ማንቸስተር ሲቲ ክኸውን ዝተሰማምዐ ፐፕ ጓርድዮላ፡ ሓደስቲ ተጻወትቲ ንምምዛእ መደብ ምሓዙ ይግለጽ ኣሎ። ሓደ ሓደ መቕርብ ናይቲ ኣሰልጣኒ ዝኾኑ ሰባት ድማ ንዘድንቖም ተጻወትቲ ብምግላጽ ቢታ ማንቸስተራዊት ክለብ ክዕደጉ ከምዝኽእሉ ይግምቱ። በዚ ድማ፡ ናይ ክንፊ ተጻዋታይ ክለብ ኣርሰናል - ኣሌክስ ቻምበርለይንን ናይ ቦሩስያ ዶርትመንድ ኣከፋፋሊ ኢካይ ጉንዶጋንን ናብ ማን ሲቲ ናይ ምግዓዝ ተኽእሎ ዘለዎም ተጻወትቲ ምዃኖም ይግለጽ። ምንጪ - ታይምስን ደይሊ ሚረርን

+ ተጻወትቲ ዓየር ለቨርኩሰን ዑመር ቶፕራክ፡ ሃካን ካልሃንግሉን ከሪም በላራቢን ኣብ ራዳር ማን ዩናይትድ ምእታዎም ተሓቢሩ። ምንጪ - ቢልድ

+ ኣሰልጣኒ ማን ዩናይትድ - ሉዊስ ቫንሃል፡ ዝመጽእ ዓመት ስፖርት ኣብታ ክለብ ክጸንሕ መደብ ከምዘለዎ ኣፍሊጡ። ምንጪ - ደይሊ ሚረር

+ ሽወደናዊ ኣጥቃዒ ክለብ ፒኤስጂ - ዝላታን ኢብራሂሞቪች፡ ኣብ ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ናብ ዝተጻፋ ክለባት ክሰጋገር ባህጊ ከምዘለዎ ኣፍሊጡ። እቲ ተጻዋታይ፡ ማልያ ማን ዩናይትድ ወደዩ ክጻወት ድልየት ከምዘለዎ እውን ወሲኹ። ምንጪ - ለ ስፖርት 10

+ ቦሩስያ ዶርትመንድ፡ ተጻዋታያ ኣቡ መያንግ፡ ዝመጽእ ክረምቲ ናብ ዝኾነት ክለብ ክሰጋገር ከምዝይትፈቅድ ብንጹር ኣፍሊጣ። በዚ ድማ ነቲ ተጻዋታይ ዝሃድና ዘለዋ ክለባት ማን ዩናይትድ፡ ኣርሰናልን ቸልሲን ነቲ ጋቦናዊ ኣጥቃዒ ዘለወን ባህጊ ኩብቅዕ ከምዝኽእል ተሓቢሩ። ምንጪ - ቢቢሲ

+ ኣከፋፋሊ ክለብ ሌስተር - ካንተ፡ ፈረንሳ ምስ ሆላንድን ሩስያን ንእትካይዶ ግጥም ምሕዝኣት ክስለፍ ኳብታ ሃገራዊት ጋንታ ጸወዒት ከምዝቐረበሉ ተገሊጹ። ምንጪ - ሌስተር ሜርኩሪ

## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

**ግጥም ኵዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል**
ጉዛባንዳ - ፓራዲዞ ደ/ኣ
መኹተ - በኪፈር ደ/ተ
ካብ ሰዓት 2:00 ድ.ቐ ጀሚሩ ኣብ ሜዳ ቦቾፊላ ኣስመራ

**ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ**
ኖርዊች - ማን ሲቲ 3:45
ቦርንማውዝ - ስዋንሲ 6:00
ስቶክ - ሳውዝሃምፕተን 6:00

**ላሊጋ**
ባርሳ - ጌታፈ 6:00
ሴልታ ቪጎ - ሪያል ሶሴዳድ 8:15
ኣትሌቲኮ ማድሪድ - ዲፖርቲቮ ላኩሩኛ 10:30

**ሰሪኣ**
ኢምፖሊ - ሳምፕዶርያ 8:00
ኢንተር - ቦሎኛ 10:45

**ኤፍ ኤ ካፕ**
ኤቨርተን - ቸልሲ 8:30

### ጽባሕ

**ግጥም ኵዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ጋንታታት ሱፐር ዲቪዥን ኤ**
ኩባንያ ሰምበል - ጉዛባንዳ
ኣስመራ ቢራ - ዕዳጋ ሓሙስ
ካብ ሰዓት 2:00 ጀሚሩ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ

**ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ**
ኣስቶን ቪላ - ቶተንሃም 7:00

**ላሊጋ**
ለቫንተ - ቫለንስያ 2:00
ሰቪያ - ቪያሪያል 6:00
ኣትሌቲክ ቢልባኦ - ሪያል ቤትስ 8:15
ላስ ፓልማስ - ሪያል ማድሪድ 10:30

**ሰሪኣ**
ኡዲነዘ - ሮማ 5:00
ላዚዮ - ኣታላንታ 10:45
ፓሌርሞ - ናፖሊ 10:45

**ኤፍ ኤ ካፕ**
ኣርሰናል - ዋትፎርድ 4:30
ማን ዩናይትድ - ዌስትሃም 7:00

**ሰኑይ 14 መጋቢት**
ሌስተር - ኒውካስል 11:00 ምሸት

## ሻምፕዮን ጉያ መሮር ኣፍሪቃ ሎሚ ክካየድ'ዩ

ንራብዓይ ግዜኡ ዝካየድ ሻምፕዮና ውድድር ጉያ መሮር ኣፍሪቃ 2016፡ ሎሚ ኣብ ካሜሩን ክካየድ እዩ።

ኣብዚ ውድድር እትሳተፍ ሽዱሽተ ኣትሌታት ዝሓቖፈት ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ ድማ ብኢጋኡ ልዑል ኢቓልቦ ምስ ዝተዋህበን ጋንታታት ከምዝተሰርዐት ዝተፈላለያ መርበብ ሓበሬታታት ኣፍሊጠን።

ሃገራዊት ጋንታ ውድድር ጉያ መሮር ኤርትራ ኣብዚ ናይ ያውንደ ኣህጉራዊ ውድድር፡ ኣብ ናይ 10 ኪሎ ሜትር ናይ ዓበይቲ ደቂተባዕትዮ ውድድር ብኣትሌታት ሙሉ ዓንዶምን ሙሴ በረኸትን፤ ኣብ ናይ ጁንየር ናይ 8 ኪሎሜተር ውድድር ድማ ብኣትሌታት ኣሮን ክፍለን ደጀን ተስፋኣለምን ክትወከል እያ። ኣብ ውድድራት 6 ኪሎሜተር ጁንየር ደቀንስትዮ



ድማ ብኣትሌታት ኑቢያት ኣብርሃምን ኪዳኑ ተሾመን ክትወዳደር እያ። እታ ብኣሰልጣኒ ዳንኤል ወልደእየሱስ እናተኣልየት ልምምዳታ ኩተካይድ ዝጸንሐት ሃገራዊት ጋንታ ብረቡዕ እያ ናብ ያውንደ ኣቕኒዓ።

## ሻምፕዮን ኵዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል

ብቐድሚ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ሻምፕዮን ኵዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ጋንታታት ሱፐር ዲቪዥን ኤ፡ ሲቲ ሰንተር ንኣርባዕተ ኣስመራ 3ብ1፤ ዕዳጋ ሓሙስ ንፓራዲዞ 2ብ0 ከምኡ ድማ ደንደን ንኣልታሕረር 3ብ1 ስዒረንኦን።

ሰለሙን በርሀ፡ ዋላኳ ንኣርባዕተ ኣስመራ መሪሕነት እንተተሓዘ፡ ተጻወትቲ ሲቲ ሰንተር ሙሴ ገብረሚካኤል (ክልተ ሸቶታት)ን ቴድሮስ ጉዳምን ኣብ ውዱእ ሰዓት ንልዳት ጋንታኡ ብምድፋሮም፡ ኣርባዕተ ኣስመራ ምሉእ ነጥቢ ክትከስር ተገዲዳ።

ኣብ ካልኣይ ግጥም ናይቲ ዕለት፡ ዩናታን እዮብን ኣብርሃም ግርማይን ኣብ ቀዳማይ እብረ ዘቑጸርወን ሸቶታት፡ ዕዳጋ ሓሙስ ንፓራዲዞ 2ብ0 ኣሰኒፉ ካብ ሜዳ ክትወጽእ እኹላት ነበራ።

ኣብ መወዳእታ ዝገጠማ ደንደንን ኣልታሕረርን እየን። ኣብ ካልኣይ እብረ ካብ ደጀን ትካቡ፡ ሮቤል ተ/ብርሃንን ሄርሞን ኣበራን ሰለስተ ሸቶታት ዝረኸበት ደንደን፡ ንኣልታሕረር 3ብ1 ስዒራታ። ኣልታሕረር ነታ ካብ ስዕረት ዘይተድሕነን ግን ከኣ ኣብ ቀዳማይ እብረ መሪሕነት ኩተትሕዛ ንዝኸኣለት ኵዕሶ ብመጉዲ ሳሙኤል ጸሃየ ምምዝጋብ ጸብጻብ ለተብርሃን ወ/ኣረጋይ ይሕብር።

## ስልጠና ንኣሰልጠንቲ ኣትለቲክስ ተዋሂቡ

ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ዞባ ማእከል ኣብ ዞባኡ ንዝርከቡ ኣሰልጠንቲ ግራስሩት ንውድድራት ትራክን ፊልድን ኣትሌቲክስ ዝምልከት 10 ደቀንስትዮ ንዝርከብኦም 62 ኣሰልጠንቲ ናይ ሓደ ሰሙን ናይ ቀዳማይ ደረጃ ስልጠና (iaaf pre Level-1 track & Field coaching course) ሂቡ።

ኣቡቲ ብፍሉይ ንኣተኣላልያን ምምልማልን ንጥፈታት ህጻናትን ተካእትን ከምኡ'ውን ዘለዎም ተውህቦ ናይ ምልላይን (talent identification) ኣተኩሩ ብኢንስትራክተርን ኣሰልጣንን ሊቪንግስቶን ኣብርሃም ዝተዋህበ ስልጠና ንዓቕሚ ኣሰልጠንቲ ክቡብ ኣቢሉ ኣቡቲ ዓውዲ ዓይነታዊ ለውጢ ንምምጻእ ልዑል ተራ ከምዝጻወት ሓላፊ ኮሚሽን ስፖርት ዞባ ማእከል ኣቶ ኣንድርያስ ኣስመሮም ኣብ ምዝዛምቲ ስልጠና ኣብ ዘስምዖ ቃል ገሊጹ።

ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ነቲ ዝተዋህበ ስልጠና ኣመልኪቱ ኣቡቲ ኢጋጣሚ ኣብ ዘስምዖ ለበዋ፡ ተካእቲ ናይ ምምልማል ስራሕ መሰረት ዕቤት ስፖርት ምህናጽ ምዃኑ ብምምልካት፡ ሰልጠንቲ ኑቶም ናይ ጽባሕ ኣምባሳደራት ስፖርት ሃገር ክኾኑ ትጽቢት ዝግበረሎም ተካእቲ እቲ ዓውዲ ብዝሓተቶ ሳይንሳዊ ፍልጠትን ኣተኣላልያን ኣብ ምህናጽ ተራኦም ከዕዝዙ ገሊጹ። ኣብ መዛዘሚ ናይቲ ስልጠና፡ ሰልጠንቲ ዝተዓለወሎም ወረቐት ምስክር ካብ ኢድ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ክቕበሉ እንከለው ኑቲ መደብ ዘወሃሃዱ ሊቪንግስቶን ኣብርሃምን ሄኖክ ገብረመድህን ካብ ኢድ ኣምባሳደር ዘመደ ፍሉይ ሽልማት ተዓዲሎም።

## ስፖርታዊ ውድድር ማእከላይ ግንባር ይቕጽል

ኣብ ኩተማታት ጾሮናን ዓዲ ኳላን ሰንዓፈን ዝካየድ ዘሎ ስፖርታዊ ውድድር እዚ ማእከላይ ግንባር፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቐትሪ ኣብ ኩተማ ሰንዓፈ ብዮጥም ኵዕሶ እግሪ ቀጺሉ።

ኣቡቲ ብርኽት ዝበሉ ደገፍቲ ዝተረኸቡዎ ውድድር፡ ፊልማ ንሜዳ ዝወረዳ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ሂምቦልን ኣዳልን ነበራ። ኣብ ቀዳማይ ጸወታኣ ዝተዓወተት ኣዳል፡ ንሂምቦል ረቲዓ መሪሕነት ናይቲ ምድብ ክትጭብጥ፤ ብኣንጻሩ ድማ ጋንታ ሂምቦል ኣብ ፊልማ ጸወታኣ ዓወት ንምጉንጻፍ ሓያል ምርብራብ ኣካየዳ። ኣብ ናይ ምዱብ ጸወታ ሸቶ ከመዝገባ ብዘይምኽኣለን 0ብ0 ተፈላልየን።

ልዑል ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ኣብ ዝተንጸባረቐ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታታት ሂምቦል ምስ ኣዳል እውን ብተመሳሳሊ 0ብ0 ወጽኢት እዩ ተመዝጊቡ። ኣብዚ ውድድር ተጻዋታይ ጋንታ ኣዳል ኣብ መበል 43 ደቒቕ ኵዕሶ ብኢዱ ብምሓዙ ጋንታ ሂምቦል ፍጹም ቅላዕ መቕጸዕቲ ረኺባ እኳ እንተነበረት፡ ሰመረ ግርማይ ቀሊዑ ናብ ሸቶ ክቕይራ ግን ኣይከኣለን።

ትዕግስቲ መንግስቱ
መ/ሓ/ን-ማእከላይ ግንባር

## ኣብዚ ቀዳመ-ሰንበት

+ ኣብ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ብፒኤስጂ ዝተሳዕረት ቸልሲ ናብ ሜዳ ኤቨርተን - ጉዲሰን ፓርክ ተጓዒዛ ኣብ ግጥም ኤፍ ኤ ካፕ ክትጽመድ እያ። ቸልሲ፡ ኣብዚ ግጥምዚ ንዲያጎ ኮስታ ናይ ምስላፉ ተኽእሎ ኣዝዩ ጸቢብ ከምዘሎ ይግለጽ። እቲ ኣጥቃዒ፡ ዝሓለፈ ሳልሳቲ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ እዩ ማህሰይቲ ዝገጠሞ። ብተወሳኺ፡ ኤዲን ሃዛርድ እውን ኣብ ምሕኹልቱ ብዝገጠሞ መጉዳእቲ ነዚ ግጥም ምርካቡ ፍርቂ ፍርቂ እዩ ዘሎ። ብምጭብባጥ ጭዋዳ ካብ ጸወታ ዝረሓቐ ጆን ቴሪ፡ ሎሚ እውን ከምዘይህሉ ተሓቢሩ። እዚ ከምዚሉ እንከሎ፡ ኤቨርተን መጉዳእቲ ንዝገጠሞ ብርያን ኦቪዶ ክትከስሮ ከምእትኽእል ኣፍሊጣ። ብተወሳኺ፡ ኣሮን ሌኖን እውን ብሰንኪ ምጭብባጥ ጭዋዳ ኩብኩር ከምኽእል ይንገር።

+ ተጻወትቲ ኣርሰናል - መተሳከርን ጋብሬልን፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ኤፍ ኤ ካፕ ማህሰይቲ ዝገጠሞም ተጻወትቲ እዮም። እዞም ተጻወትቲ ክካየደሎም ድሕሪ ዝጸንሐ ሕክምናዊ ክንክን ሎሚ ክለቦም ምስ ዋትፎርድ ንእትካይዶ ግጥም ኤፍ ኤ ቅሩባት ኣለው። ኣቡቲ ግጥም ማህሰይቲ ዝገጠሞ ኣሮን ራምሲ ነዚ ግጥም ከምዘየርክብ ይግለጽ። ላውረን ኮሽንሊ ግና ምስላፉ ፍርቂ ፍርቂ ምህላው ተሓቢሩ።

+ ጽባሕ ኣብ ሻዱሻይ ዙርያ ግጥም ኤፍ ኤ ካፕ ምስ ዌስትሃም እትጽመድ ማን ዩናይትድ፡ ንያን ማታ ብመቕጻዕቲ ክትከስሮ እያ። ኣብ ግጥም ዩሮፓ ሊግ ክሳተፍ ዘይተፈቕደሉ ሊንጋርድ ግን ነዚ ግጥም ድልዊ ምህላው ይግለጽ። ዋይን ሩኒ፡ ሉክ ሻው፡ ኣሸሊ ያንግ፡ ሕጂ እውን እቶም ንንውሕ ዝበለ እዋን ካብ ጸወታ ዝርሕቑ ተጻወትቲ እዮም።

+ ማንቸስተር ሲቲ ናብ ሜዳ ካሮው ሮድ ተጓዒዛ ምስ ኖርዊች ኣብ ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ክትጻወት እያ። ዋላኳ ተጻዋታያ ኬቨን ደ ብሩይን ኣብ ዝሓለፈ ሳልሳቲ ምሉእ ናይ ልምምድ ዕዮ እንተዓየየ፡ ኣብዚ ግጥምዚ ናይ ምስላፉ ተኽእሎ ግና ኣዝዩ ጸቢብ ከምዝኾነ ይግለጽ።

+ ብቐድሚ ትማሊ ንኣሰልጣኒኣ ስቲቭ ማክላረን ዘባረረት ኒውካስል፡ ትማሊ ንራፋ በኒተዝ ምቑጻራ ኣፍሊጣ። ናይ ቅድም ዓላሚ ክለባት ሊቨርፑል፡ ቸልሲ፡ ሪያል ማድሪድን ኢንተር ሚላንን ዝነበረ በኒተዝ፡ ንሰለስተ ዓመታት ኣብታ ክለብ ክጸንሕ ተሰማሚዑ። ኒውካስል፡ ንማክላረን ኩተባርሮ ዝወሰነት፡ ኣብ 28 ጸወታታት ግጥም ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ፡ ሽዱሽተ ግዜ ጥራይ ብምዕዋቱ እዩ። በዚ ድማ ኒውካስል ኣብ ታሕተዋይ ደረጃ ናይቲ ውድድር ተቐሚጣ ብምህላዋ፡ ካብ ዓዘቕቲ ዘውጽእ ዓላሚ ንምቑጻር እዩ። በዚ ድማ በኒተዝ ኣብዚ ዓመተ ስፖርት ነታ ክለብ ካብ ዓዘቕቲ ከውጽኣን ኣብ ዝመጽእ ዓመተ ስፖርት ድማ ነታ ጋንታ ተወዳዳሪት ክገብራ ባህጊ ደገፍቲ ኒውካስል እዩ። በኒተዝ፡ ኣብዚ ቀዳመ-ሰንበት ነታ ጋንታ ድሕሪ ምልላዩ፡ ድሕሪ ጽባሕ ምስታ ንውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ትመርሕ ዘላ ሌስተር ኣብ ዝካየድ ግጥም ፈላሚ ጸወታኡ ክካይድ ትጽቢት ኣሎ።

# ምልክታ

ዳሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ኣብርሀት ገብረመድህን፡ ሓፍተይ ደሃብ ገብረመድህን ካሕሳይ ካብ ወርሒ 4/2008 ኣትሒዛ ዝኾነ ደሃይ ስለዘይብላ ከም ጥፍእቲ ኮይና ትረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/3/16 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 10ይ መጋብኣያ ይቕረብ።

ኣቶ የውሃንስ በየነ እያሱ፡ ብወለደይ ብዕለት 27/10/2005 ዓ/ም ኣብ 1ይ ቤ/ፍ ዞ/ማእከል ዝተዋህበኒ ውህብቶ ይጽደቐለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/3/16 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኣያ ይቕረብ።

ስዩም ተኸለዝጊ ገብረመድህን፡ ተጸዋዒት ሑርያ ዑስማን ናይ 8 ዓመት ቀለብ ቆልዓ ዘይወሰደቶ ክምለሰለይ ስለዝበለ፡ ተጸዋዒት ሑርያ ዑስማን ን5/4/16 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 1ይ መጋባኣያ ትቕረብ። እንተዘይቀሪባ ኣብ ዘየላትሉ ከምዝርአ ቤ/ፍ የፍልጥ።

ወ/ሮ ተኽኣ ገብረኺዳን ገብረሚካኤል ምባል ተሪፋ፡ ተኽኣ ገብረኪዳን ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/4/16 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 1ይ መጋባኣያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ኣቅላስያ ኪዳነማርያም ገብረገርግስ፡ ኣደይ ወ/ሮ ሮማ ሃብተጋብር ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወ/ሮ ለታይ ኪዳነማርያም ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/4/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ጎልጅ

ከሳሲት ልኡል ዳፕው፡ ተኸሰስቲ 1.ግርማይ ሃብቶም 2. ኣድሓኖም ጎጃ ተስፋይ 3. ክብርኣብ ሸዊት ሕ/ወኪል ከሳሲት ወ/ሮ ኣምልያ ማርዩ ኣጎሊኖ ክሲ ስለዝቐረበልኩም ን22/3/16 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም ቤ/ፍ ጉዳይኩም ንሱኹም ኣብ ዘይብሉ ውሳኔ ክህበሉ ምዃኑ ንሕብር።

## ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ዓሰብ

ወ/ሮ ኣሲያ እስማዒል ኣሕመድ፡ ኣደና ፋጡማ ኣሕመድ ዓሊ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/3/16 ኣብ ቤ/ፍ ሸሪዓ ዓሰብ ይቕረብ።

## ምልክታ

ኣማኑኤል ሃብቶም ወልዱ፡ ካብ ወ/ሮ እዝግሃርያ ተወልደ ማሉ ዝዓደግክዎ መንበሪ ገዛ፡ ነቲ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ -ሓዝሓዝ ፕሎት 26 ፓርሰል ሲ ቁ.ገዛ 57/59 ግደና 116-7 ስፍሓቱ 107.25 ት/ሜ ዝኾነ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ዋንነቱ ብቁ.ምስክር ወረቐት 114652 መወከሲ ቁጽሪ 132189 ብስም ወ/ሮ እዝግሃርያ ተወልደ ማሉ ዝተረጋገጸ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝኾንኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ቤ/ጽ ካዳስተር ይቕረብ።


ኣማኑኤል ሃብቶም ወልዱ


# AVOID CONFUSION

ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ (9-12)ክፍሊ

ኣብ ውሽጢ'ዛ መጽሓፍ

- ካብ ዝተፈላለየ ናይ እንግሊዘኛ መጽሓፍቲ ምርኩስ ብምግባር ዝተዳለወት ናይ 2015 መጽሓፍ
- ንተማሃሮ ዘደናግሩ ወይ ዘወውኑ ስዋስው(Grammar Points) ብዕምቆት ትፍትሽ
- ንሃገራዊ መልቀቒ ፈተና(matriculation exams) ብግቡእ ከተ ዳልወና ትኽእል
- ንጸሓፍትን ደረስትን መወከሲት ክትከውን ትኽእል
- ንጌይ ግዜኣ ተመሓይሻን ጸፊፋን ተሓቲማ ኣብ ኩለን ኣብያተ መሸጣ መጽሓፍቲ ተዳልያትልኩም ኣላ።





ኣከፋፋሊ፡
ምሕረትኣብ የውሃንስ
ሱኒታ ስቴሽነሪ
ቴሌ. 07116587

Contact Us: 07231940



## ብስራት ንቀዳማይ ዓመት ዩኒቨርሲቲ ተማሃሮ

COLLEGE PHYSICS ዘርእስታ መጽሓፍ




- ዝርዝራውን ገላጽን ክለሰሓሳባት ኣብ ኩሉ ኣርእስትታት ብፍሉይ ኣገባብ ዘካተተት
- ልዕሊ 400 ስእላዊ መግለጺታት ከማኡውን ልዕሊ 1000 ሕቶታት ምስ መልሰም ዝሓዘት መጽሓፍ ኣብ መሸጣ ኣብያተ መጻሓፍቲ ተዳሊያትልኩም ኣላ። ዝእኹም ተጠቀሙላ

ንተወሳኺ ሓበሬታ ቴል 07237770 ሰለሙን ወልደጋብር



## ብስራት ን9ይ-12 ክፍሊ ዝለው ተማሃሮ ካልኣይ ደረጃ




High School Physics

ዘርእስታ መጽሓፍ

- ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና (matriculation) ልዑል ነጥቢ ክምጽኡ ዓቢ ኣበርክቶ እትገብር
- ንነፍስወከፍ ሕቶ ብዝርዝርን ንጽርን መልሲ ዝሓዘት

A comprehensive guide to high school physics




ዘርእስታ ካብ 9-12 ክፍሊ ዝለው ተማሃሮ ዘገልግሉ ዝተዋጽኡ ክለሰ ሓሳባት፡ ብርክት ዝበሉ ዝተሰርሑ ግድላት፡ ስእላዊ መግለጺታትን ተወሰኽቲ ሓገዝቲ ሕቶታት ዝሓዛ ኣብ ኣብያተ መሸጣ መጻሓፍቲ ተዳሊየናልኩም ኣለዋ። ዝእኹም ተጠቀሙለን።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ቴል 07237770 (ሰለሙን)



Dolce Vita®

THE ITALIAN LIFESTYLE

## ናይ 30% ዓቢ ምጉዳል ዋጋ
## ኣብ ኩለን ድኳናት ዶልቸ ቪታ

ዛኡር ሓ.ዝ.ብ.ግ.
ብምኽንያት በዓል ደቀኣንስትዮ
ዝቐነየ ኣብ ናይ ደቀኣንስትዮ ኣልባሳት
ናይ 30% ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ብ ዓማዊል ጠለብ መሰረት
ክሳብ ዕለት 19/03/2016 ከምዝተናወሐ
ከበስር ይፈቱ።

### ኣድራሻና

**ኣስመራ**

ጎደና ሓርነት ቁ 32
ፊት ካተድራለ ቤ/ክ
ቁ.ስ.110074

ኣስማራ ፓላስ
ኢንተርኮንቲነንታል ነበር
ቁ.ሰ. 153700 ext 2280

ጎደና ተጋደልቲ(ባራቶሎ ነበር)
ጎዳይፍ
ቁ.ሰ. 182383

**ከረን**

ፓላሶ ሪሻ
ቁ ስ 400301

# Invitation for Bids

Country: **Eritrea**

Name of Purchaser: **Project Management Unit – Ministry of Education (PMU - MoE)**

***Procurement of Tools and Equipment***
***For***
***Skill Development Centers***

***IFB No.: PMU-MOE/NRC/G/LS/001/2016***

The lots comprising this bid are:

Lot 1: Electrical Installation Equipment
Lot 2: Furniture
Lot 3: Irrigation Tools and Equipment
Lot 4: Office Stationery and Scholastic Materials
Lot 5: Plumbing materials
Lot 6: Pottery (Clay Works) Tools and Equipment
Lot 7: Protective Wear
Lot 8: Refrigerators and Gas Cooker
Lot 9: Weaving Machines and Accessories

1. The Government of the State of Eritrea has received a grant from the Norwegian Refugee Council (NRC) toward the cost of The Skill Development Centers in Eritrea Education Sector, and it intends to apply part of the proceeds of this grant to payments under the contract for the procurement of machines, tools, equipment and other items to equip the centers.

2. The Project Management Unit of the Ministry of Education (PMU – MoE) now invites sealed bids from eligible bidders for the supply of machines, tools, equipment and other items to be delivered between **April 25, 2016** and **May 20, 2016**.

3. Bidding will be conducted through the National Competitive Bidding (NCB) procedures, and is open to all bidders.

4. Interested eligible bidders may obtain further information from Project Management Unit – Ministry of Education (PMU - MoE), Asmara, Eritrea, Tel: 291-1-151614, Fax: 291-1-152181, Email: mgilagaber@gmail.com, and/or michaelsheghe@gmail.com, and inspect the Request for Quotations (RFQ) at the address given below during working hours Monday through Friday.

5. A complete set of the Request for Quotations (RFQ) in the English language may be collected by interested bidders at no cost on the submission of a written application to the address below starting **Monday, March 14, 2016**.

6. Bids must be delivered to the address below at or before **10:00 A.M local time on March 31, 2016**. Electronic bidding will not be permitted. Late bids will be rejected. Bids will be opened in the presence of the bidders' representatives who choose to attend at the address below at 10:00 A.M local time on March 31, 2016. All bids must be accompanied by a **Bid Security of ERN 10,000.00** (Ten Thousand Eritrean Nakfa) for each lot.

The address referred to above is:

Project Management Unit – Ministry of Education (PMU - MoE)
Street Address: Hday Street 748-1
Floor/Room number: Dembe Sembel, Block "A", First Floor, RH
Office Phone Number: 151614
Asmara, Eritrea

7. Interested National Bidders shall submit a copy of their renewed license for the year 2015, together with their bids.

# ምልክታ

ወ/ሮ ዘርትሁን በላይ ንጉሰ፡ ብስመይ ዝተመዝገበ ኣብ ኣስመራ ን/ዞ ደ/ም ምም/ገዛ ባንዳ ጎደና ጎንፎሎ ቁ.ገዛ 81/83 ፕሎት 28 ፓርሰል 6 ቁጽሪ ሊብሬቶ 102534 መወከሲ ቁጽሪ 114011 ዝተመዝገበ ብውህብቶ ንጓለይ ሓረገ ፋንታየ ስብሃቱ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓፕሊክ ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ዘርትሁን በላይ ንጉሰ

ብስም የውሃንስ ግደ ክንፈ ዝተመዝገበ ቁ/ፍቓድ ቃኒን ASL00031838 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ኣኽርያ ጎደና 135-7 ቁ/ገዛ 20 ዝርከብ ናይ መዐረይ መሸጥን ናይ ኤሌትሪክ ኣቑሑት ትካለይ ንኣቶ ኣሚነ ስዩም ምራጭ ካብ ዕለት 01/01/2016 ክሳብ ዕለት 31/12/2018 ኣካርየዮ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም ምስዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንቤት ፍርዲ ተቓውምኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጽመሉ ኣፍልጥ።

ኣቶ የውሃንስ ግደ ክንፈ
ወኪል ግደ ክንፈ ዑ/ገብሪኤል

# ምልክታ

ጉዚ ሓ.ዝ.ብ.ማ በዞም ዝስዕብ ኤርትራውያን ከም ዝተመስረተት ንህዝቢ ነፍልጥ፦

| ሀ. ስም ደቂ ማሕበር | ኣድራሻ | ብዝሒ ብርኪ |
|---|---|---|
| 1. ሃብተሚካኤል ሰለሙን መዓሾ | ኖርወይ | 25 |
| 2. ተስፋይ ሰለሙን መዓሾ | ኣስመራ | 25 |
| 3. በረኸት ሰለሙን መዓሾ | ኣስመራ | 25 |
| 4. ሚኪኤል ሰለሙን መዓሾ | ኣስመራ | 25 |
| 5. ዮውሃንስ ሰለሙን መዓሾ | ኣስመራ | 25 |
| 6. ጸጋይ ሰለሙን መዓሾ | ካናዳ | 25 |
| 7. ምስግና ሰለሙን መዓሾ | ኣስመራ | 25 |
| 8. ትምኒት ሰለሙን መዓሾ | ኣስመራ | 25 |
| 9. ኣማን ሰለሙን መዓሾ | ኣስመራ | 25 |

ለ. ዋና ቤት ጽሕፈት ማሕበር ኣስመራ
ሐ. ዕላማ ማሕበር፦
1. ብሓይሊ ሰብን ብሞተርን ዝንቀሳቐሳ ብሽክሌታን መቀያየሪኤን ኣቕሑትን ናይ ምምጻእ፡ ምሻጥን፡ ምጽጋንን፡ ንግዲ ምክያድ፣
2. ጀነሬተር ናይ ማይ መጨንጉዒ ሞተር፡ ካልእ ተዛመድቲ ብሞተር ዝሰርሕ መሳርሒታትን መቀያየሪኤን ኣቕሑትን፡ ናይ ምምጻእ፡ ምሻጥን፡ ምጽጋንን፡ ንግዲ ምክያድ
3. ናይ ንግዲ ሸቐጥ ብጅማላን ብንጽልን ምሻጥ፣
4. ማሕበር ካብዚ ዕላማታቱ ከይወጽአ ምስ ሳልሳይ ኣካል ይወዓዓል ምስ ካልእ ንግዳዊ ማሕበር ብሓባር ይነጥፍ ብርክታት ይዕድግ
መ. ርእሰማል ማሕበር ናቕፋ 225,000.00 ኣብ 225 ብርክታት ዝተመቅለን፡ ዋጋ ሓደ ብርኪ ናቕፋ 1000 እዩ። እዚ ርእሰማል ብምልኡ ብዓይነት ብደቂ ማሕበር ተኸፊሉ።
ረ. ዋና ኣካያዲ ስራሕ ኣቶ ሚኪኤል ሰለሙን መዓሾ እዩ።
ሰ. እዛ ማሕበር ንዘይተወሰነ ጊዜ እያ ቀይማ።

ጉዚ ሓ.ዝ.ብ.ማ

# NOTICE

This is to inform the public that ALONIAB Private Limited Company is formed by the following members: -

| 1. Members | Nationality | Address | No. of Shares |
|---|---|---|---|
| Ghidey Beyn Haile | Eritrean | Asmara | 10,483 |
| W/ghebriel Solomon T/brhan | Eritrean | Asmara | 10,483 |
| Michael Abreham Kesete | Eritrean | Asmara | 10,483 |
| Amleset Medhanie G/her | Eritrean | Asmara | 10,483 |

2. The head office of the Company is in Asmara and branch offices may be opened within and outside of Asmara.
3. The Company has a share capital of ERN 4,193,200 (Four million one hundred ninety three thousand and two hundred) divided into 41,932 registered shares of par value of ERN 100 all paid up in cash.
4. The purpose and objectives of the Company is to simulate and give children aged four to six an impact on the effect of elementary school and equip them with an overall development regarding their mental, physical, social, lingual and moral standards and grow clean and healthy.
5. W/r Ghidey Beyn Haile is the manager of the Company.
6. The Company is established for unlimited period.

ALONIAB Private Limited Company

# ስድራቤት

ሃብቶም ኢዮብ

## ጋውሕታ



ጋውሕታ ንወኻርያን ንከልቢን ዝመስል በላዒ ስጋ እንስሳ'ዩ። እዚ እንስሳ ትርኢቱ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ግዙፉ'ዩ ምስዞም እተጠቕሱ እንስሳታት ዘመሳስሎ። ጋውሕታ ኣብ ትሕተ ሰሃራ ኣፍሪቃ፡ ማእከላይ ሸነኽ ደብባዊ ናይ ኤውሮጳን እስያን ብብዝሒ ይርከብ።

ንውሕ ዝበለ መሓውር፡ ጠዋይ (ዓንቃሪቦ ዝመስል) ኣስናን ዘውንን ጋውሕታ፡ ኣዕዋፍ፡ ከም ጠላ፡ ጤለ በዑ ካልኦት ንእስ ዝበሉ መጥበውቲ ንኣሸቱ ለመምቲ እናሃደነ ይናበር። መሓውር ጋውሕታ ድልድል ዝበለ ቁመናን ነዊሕ ርሕቀት ክጕይይን ከም ዘኽእልዎ'ዩ ዝግለጽ። ኣብ ሓደ ሰዓት 16 ኪሎሜተር ክጐዩ ይኽእል።

ዝበዝሕ እዋን ኣብ እዋን ዕራርቦን ኣጋ ወጋሕታን ምንቅስቓሰን መግቢ ምምእራርን ከኣ'ዩ ዝፈቱ። እዞም ዓይነት እንስሳታት ብዕስለ ዝጕዓዙሉ እዋናት ብዙሕ'ዩ።

ጋውሕታ ኣብ ሓደ ከቢቢ ክቕመጥ እንተ ድኣ ጀሚሩ ካልኦት እንስሳታት ኣብቲ ከቢ ክቕመጡ ኣይፈቱን። ስለዚ ኸኣ ኣብ ገለ ቦታታት ናይቲ ግዝኣቱ ክኸውን ዝመረጾ ቦታ ሸንቱን ቀልቀሉን ብምግባር "ካብዚ ከይትሓልፉ" ዝዓይነቱ መጠንቀቕታ ይህብ።

ከምቲ ተባዕታይ ኣድግን ኣንስተይቲ ፈረስን በቕሊ ዝወልዱ፡ ካብ ከልብን ጋውሕታን'ውን ዝውለድ ፍጡር ኣሎ። ይኹን እምበር እቲ ዝውለድ ፍጡር ከም በቕሊ ኣይወልድን'ዩ። ኣብ ጥዕንኡ ኩነ ናይ ምርድዳእ ክእለቱ ኸኣ ካብ ከልብን ጋውሕታን ዝደኸመ'ዩ። ናይ ኣእምሮ ጥዕና ከም ዘውሕዶ'ውን ይግለጽ።

ጋውሕታ ኣብ ብዙሕ ጸዋታት ከም ወኻርያ ጕራሕ ምዃኑ'ዩ ዝንገር። ጋውሕታ ብእንግሊዝኛ Jackal ተባሂሉ ይጽዋዕ።

## መልሲ ናይ ዝሓለፈ ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ሕቶታት ብትግርኛ ተዋሂቡና መልሲ ድማ ኣብ ሰደቓ ብእንግሊዝኛ ክንመልእ ተሓቢሩና ነይሩ። እቲ መልሲ እዚ ዝስዕብ'ዩ። መልስኹም ምስዚ ዝተዋህበ ኣነጻጽርዎ።

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| k | i | d | | | | |
| i | n | s | i | d | e | |
| d | a | w | n | | | |
| s | o | c | k | | | |
| c | a | b | b | a | g | k |
| e | x | p | L | a | i | n |
| n | o | | | | | |
| t | e | n | n | i | s | |
| e | n | e | r | g | y | |
| r | e | s | p | e | c | t |

## ዓሻ ኣሞራ

ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት፡ ኣቦይ ሽምፍረሓንስ ዝተባህሉ ሰብኣይ ነበሩ። እዞም ኣቦ ምስ ቈልዑ ምዕላልን ምዝንጋዕን ኣዝዮም ይፈትዉ ነበሩ። ስለዚ ኸኣ'ዮም ንቘልዑ ጕዱቶም ጽውጽዋያት ዝዖርዮም። ሓንቲ ካብተን ንቘልዑ ጕዱቶም ዝነገርዎም ጽውጽዋይ እዛ ትስዕብ'ያ።

ሓደ እዋን ኣብ ዕመር ጫካ ዝቕመጣ ኣዕዋፍ ነበራ። እዘን ኣዕዋፍ ደቀን ኣብ ሰፈረን ሓዲገን መግቢ ክምእርራ ኣርሒቐን ይወፍራ ነበራ። ሓደ ሸማግለ ኣሞራ ንኹሎም እቶም ኣብ ግዛ ዝወዕሉ ጨቓዊት ናይ ምንባይ ሓላፍነት ነበሮ። ስራሕ ናይዚ ሸማግለ ዕፉ፡ ነተን ጨቓዊት ካብ በላዕተኛ ምክልኻል'ዩ። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ፡ ሻሹ እተባህለት ድሙ ናብቲ ሰፍራ ኣዕዋፍ መጸኣት። እቲ ሸማግለ ኣሞራ ደቂሱ ከም ዝነበረ ስለ ዘስተብሃለት ሰላሕ ኢላ ናብቲ እተን ጨቓዊት ዝነበራ ዒቢ ገረብ ክትድይብ ፈተነት። እንተ ኾነ እተን ጨቓዊት ስለ ዝረኣየኣ "ጨቕ ጨቕ" እናበላ ወጨጫ። እቲ ሸማግለ ኣሞራ ከኣ ድምጸን ሰሚዑ ተንሰአ።

"እንታይ ኮይንክን?"ኢሉ ከኣ ነተን ጨቓዊት ሓተተን።

"ሓደ ኣራዊት ናብና ገጹ ክመጽእ ርኢና፡" ሓበረን መለሳ።

እቲ ኣሞራ ንታሕቲ ቍሊሕ ምስ በለ ንድሙ ረኣያ። ኣርባዕተ ኣዒንቱ'ውን ክይክፍቶ ጀሚሩ ብምንባሩ ንድሙ ጸቡቕ ገይሩ ኣየለለያን። ስለዚ ኸኣ "መን ኢኻ?" ሓተተ ብዓውታ። ድምጹ ኣዝዩ ብርቱዕ ብምንባሩ ድሙ ረዓደት።

"ኣነ ድሙ'የ" መለሰት ብትሕትና።

"ድሙ ድኣ እንታይ ክትገብሪ መጺእኪ? እናረኣኹኺ ቦታ ዝመጻእክያ ተመለሲ፡" ሕጂ'ውን ድምጹ ዓው ኣቢሉ።

"ኢታ ኢያ ኣሞራ በዓል ዓቢ ግርማ፡ ኣነ ኣብዚ ጥቓኹም ዝርከብ ሰግር ሩባ'የ ዝቕመጥ። ንሰኻ ለባምን ሕያዋይን ምዃንካ፡ እተን ደቀን እትሕልወለን ኣዕዋፍ ስለ ዝነገራኒ'የ ክርእየካ መጺአ። እተን ኣብ ሩባ ምሳይ ዝውዕላ ኣዕዋፍ 'እንተ ኸይድክዮ ልቦና ሰፊሕ ክትምለሲ ኢኺ' እየን ዝበላ። ኣነ ኸኣ ዝረብሓን ኣሚነ'የ መጺአ። ከምዚ ዝርእየካ ዘለኹ ግን ለባም ኣይትመስልን። ምኽንያቱ፡ ድሙ ስለ ዝኾንኩ ጥራይ እንታይ ክብል ምዃነይ ከይፈለጥካ ትሰጕጕ ኣለኻ" በለት ድሙ ብጥዑምን ሱሉተን ኣዘራርባ።

ኣሞራ "ዝረባኺ ቀምገር ዘለዎ'ዩ ዝመስል። ግዳ በላዒት ስጋ ስለ ዝኾንኪ ከመይ ገይረ ክኣምነኪ እኽእል?" መለሰ እናተጠራጠረ።

"ኣነ ከም ኩሉ ለባም ዝበለ ፍጡር ምቕታል ነውሪ ምዃኑ'የ ዝፈልጥ። ድኻም ሃለዋቱ ክሱብ ዘጥፍእ ይደቅስ። እተን ኣዕዋፍ ከኣ ንሱ ከም ዝሕልወን ኣሚነን ይቕስና።



ስለዚ፡ ኣነ ዓሻ ክኸውን ኣይደልን'የ። ለባም ንኽትክውን ግን ምኽሪ ለባማት ክትሰምዕ ኣለካ። ኣነ ኸኣ ካብኻ ክመሃር ኢለ'የ መጺአ ዘለኹ። ቅድሚ ሕጂ በላዒት ስጋ ምንባረይ ኣይክሕድን'የ። ካብ ለሚ ንደሓር ግን ምሕለ ገዲፈዮ ኣለኹ። ስጋ ክበልዕ እንተ ዝደሊ ነተን ኣብ ሩባ ዝረኽበን ኣዕዋፍ ንቕድም ምበላዕኩወን" በለት ድሙ።

ድሕሪ ብዙሕ ዘረባ ኣሞራ ንድሙ ናብቲ ሰፍራ ኣዕዋፍ ክትኣቱ ኣፍቀደላ። ኢታ ድሙ ክትሓትት፡ እቲ ኣሞራ ድማ ይምልስ።

ድሙ "ኢታ ንፉዕ ኣሞራ እሰኪ ካብዚ ገረብ ናብቲ ሓደ ንፈር" እናበለት ክሱብ ዝደክም ትውድሶ። ንሱ ምስ በረረ ኸኣ ሓደ ክልተ ጨቓዊት ትለቅም። ቀትሪ ንፍር ዝወዓለ ኣሞራ ለይቲ ብኽቱር እዚ ኩነታት ንድሙ ጸቡቕ ዕድል ፈጠረላ።

ድሕሪ ገለ እዋን ግን እተን ኣዕዋፍ ክጠራጠራ ጀሚረን። "እዞም ደቅናስ እንታይ ይወስዶም ኣሎ?" እናበላ ክሓስባ ተገደዳ። ስለዚ ኸኣ ንኹሉ እቲ ሰፍርአን ምፍታሽ ተተሓሓዝኦ።

ካብ ትጸቢተን ወጻኢ ኣብ ኣፍደገ እቲ ሸማግለ ኣሞራ ብዙሕ ኣዕጽምቲ ረኸባ።

"ደቅና ድኣ እቲ ኣሚንና እንደዩ ወዲእዎም፡" ብምባል ከኣ ሓቢረን ቀተልኦ።

ኣብ መወዳእታ ኣቦይ ሽምፍረሓንስ "እቲ ኣሞራ ብዕሽነቱ ተቐቲሉ። ንስኹም ከኣ ብዕሽነትኩም ጉዳያት ከይትኾኑ ተጠንቀቑ" ብምባል ነቶም ቈልዑ ተፋነውዎም።

### ሕቶታት ካብ ዛንታ

1) ኣብዛ ዛንታ እተጠቕሰ በላዒ ስጋ እንስሳ መን'ዩ?
2) ስም ናይታ ድሙ እንታይ ነበረ?
3) ነዛ ዛንታ ዘዘንተወ ሰብ መን ይብሃል?
4) እተን ኣዕዋፍ ኣበይ ይቕመጣ ነበራ?
5) እቲ ሸማግለ ኣሞራ ስርሑ እንታይ ነበረ? ኣብ ስርሑ ንፉዕዶ ወይስ ሕማቕ ነይሩ? ስለምንታይ?
6) እተን ጨቓዊት እንታይ ኮይነን ወጨጫ?
7) ሻሹ ነቲ ኣሞራ እንታይ ብምባል ኣእሚናቶ ናብ ገረብ ደየበት?
8) ካብዛ ዛንታ እንታይ ክንመሃር ንኽእል?

### ምስላ ቍዳሞት

1) ባርያስ ሓጋዚኡ እንተ ረኣየት መዲዳ ትሓብእ
2) ዘይሓልፈላ ጭሩስ ማሽረም ትዓወር
3) ብኣግኡ ዝተቀወ ዝብእስ ኣየሕድረንን
4) ካብ ዘንግዑ ቀዲሙ ኣድጊ ዝበለ
5) ሱብ ናብ ሰቡ ዝብኢ ናብ ገረቡ
6) ንድሙ መጻወቲታ ንኣንጭዋ'ኸ መቕተሊታ
7) ዓርኪ ሰበር ነቓዕ

ኣማንኤል ሃብታይ
ቀሓውታ (ማማ ዝበረቶቲ ምኽሪታትዋ)